ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.58 | ሓሙስ 7 ሕዳር 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣፍራይነትን ተወዳዳርነትን . . .

ገጽ 3
ሕርሻዊ ንጥፈታት ንኡስ ዞባ መንደፈራ

ገጽ 4
ከነስተብህለሉ ዘለና ጉዳያት

ገጽ 5
ሕብረተ ሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር ምሕንባስ ክካየድ እዩ


# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንዶናልድ ትራምፕ "የሃና" ኢሉ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ መበል 47 ፕረዚደንት ኮይኑ ናብ ዝተመርጸ ዶናልድ ትራምፕ፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቲ፡ "ኣብ'ዚ ትስፉው ህሞትን ታሪኻዊ ምልዕትኹ ብስም መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከምኡ'ውን ብስመይ የሃና ክብል እፈቱ" ድሕሪ ምባል፡ ዘለናዮ ግዜ ኣህጉራዊ ሰላም ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እዋን ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ከምዝቐጸለ ብምጥቃስ "ኣብ'ዚ ወሳኒ ጉዳይ'ዚ ዘለካ ግሉጽ መርገጺ ንምትግባር ሰናይ ምጅኣት እገልጸልካ" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምምራጽ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ሃናጺ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን ኤርትራን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሓድሽ ምዕራፍ ከምዝኸፍት ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ምሩጽ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣቐዲሙ ካብ 2017 ክሳብ 2020 እውን መበል 45 ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይኑ ከምዘገልገለ ዝዝከር እዩ።

# ማእከል - ሰነድ መስርሕ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣነባበርቲ ዓድን ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2025 ንዝካየድ መስርሕ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣነባበርቲ ዓድን ዝምልከት፡ ብሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት ዝተመሓየሸ ሰነድ፡ ብ5 ሕዳር ንተግባርቲ ኣካላት ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ኣቦመንበር ባይቶ ኣቶ ኣብርሃም ሰመረን ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን እቲ ሰነድ - ኣቐዲሙ ክስርሓሉ ንዝጸንሐ መምርሒ መስርሕ ምርጫ ብምኽላስን ብምምሕያሽን ዝተዳለወ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ መስርሕ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣነባበርቲ ዓድን ኣብ 13 ንኡሳን ዞባታት ከተማ ኣስመራ ኣብ 37 ምምሕዳራት ከባቢ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሰለስተ ንኡሳን ዞባታት ገጠር ኣብ 46 ምምሕዳራት ከባቢን 81 ዓድታትን ከምዝካየድ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኢት፡ ኣብ ስራሕ ዝጸንሑ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2024 ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ምስ ኣጻፈፉ፡ ንህዝቢ ከምዝገልጹ ኣፍሊጡ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ነቲ ዝካየድ መስርሕ ምርጫ ብዝምልከት፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ ለካቲት ሰፊሕ ኻዕባ ከምዝካየድ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኢት፡ ዘድሊ መሳለጥያታት ከምዝተቐረበ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ምርጫ ንዝኣትዉ ሕጹያት፡ መረጽቲን ካልእን ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ፡ ንዝቐረበ ሰነድ ምርኩስ ብምግባር፡ ሃናጺ ርእይቶታትን ሓሳባትን ኣቕሪቦም።



ስኣሊ: ሳሚኤል ንጉሰ

# ዓሰብ - ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ኣብ መስርሕ ምርግጋጽ ፍትሒ ዘተኰረ ርክብ ኣካዪዳ

ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም፡ ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበረ፣ መባቕዕዊ ክብርታትና ንምውሓስ ዝሕመረቱ ስርዓት ፍትሒ ንምስፋን ዝዓለመ ርክብ፡ ኣብ ዓሰብ ኣካዪዳ።

ኣብ'ዚ ከም ኣካል ናይ'ቲ ብደረጃ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ርክባት ብ4 ሕዳር ዝተቓንዐ ዘተ፡ ሸማግለታትን ዓበይቲ ዓድን ናይ 30 ምምሕዳራት ከባቢ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ተሳቲፎም።

ሚኒስተር ፈውዝያ ኣብ ዘዘኮቶ መግለጺ፡ ፍትሒ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ምትሕግጋዝ፡ ማሕበራዊ ግዴታታት፡ ማሕበራዊ ሰላምን ምትሕልላይን ኣብ ዝብል መትከላት ዝተሰረተ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነቲ ቀዋሚ ዕማም ፍትሒ ዝኾነ ምርግጋጽ ሰላምን ሰላምን ንምስማር፡ ኣብ ሕብረተሰብ - ስኡእምርኣውን ንዋታውን በደላት ንምሕዋይ፣ ስርዓታት ንምዕቃብ፣ ከምኡ'ውን መባቕዕዊ ክብርታት ንምውሓስ ዘገልግል ኣገባብ ምውዳድ ከምዝድሊ ኣስሚራትሉ።


ሚኒስተር ፈውዝያ ኣሰዒባ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ፡ ማሕበራዊ ቀጻጽር፡ ፍትሕን ስርዓትን ከምኡ'ውን ንጡፍ ህዝባዊ ተሳታፍነት ዘጠቓልል'ውን ብምዃኑ፡ ርጉእን ድሕሉን ዝተሓለወን ሕብረተሰብ ንምህናጽ መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ ኣካባቢ ስርዓት ብምዃኑ፡ ተሳተፍቲ ኩሉ መዳያዊ ኣፍራይነትን ንምድንፋዕ ክብርታትናን ወጽኢት ሃገራዊ ቃልስናን ናብ መጻኢ ወለዶታት ዘሰጋግሩ፡ ዝዕቅቡን ዘውሕሱን ኣገዳሲ ተራ ዘለዎ ዕማም ብምዃኑ፡ ብትግሃት ክሰርሑሉ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ፡ ብወገኖም፡ ሕብረተሰብ ዝሕመረቱ፣ ብደረጃ ሃገር ሓባራዊ መረዳእታ ዘለዎ ኣገባብ ንምውዳድ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ኣበርክቶኦም ከምዝዕዝዙ ኣረጋጊጾም።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይን ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ረዘነ ሚካኤልን ተሳቲፎም ነይሮም።

# ተጋዳላይ ኣብርሃም ገብረስላሴ (ሻውል) ተሰዊኡ



ጉዱም ተጋዳላይ ኣብርሃም ገብረስላሴ ደሞዝ (ሻውል)፡ ብ5 ሕዳር ኣብ መበል 71 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1978 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ኣብርሃም፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ክሳብ ስታፍ ኢምዳድ ብርጌድ፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ጉዱም ተጋዳላይ ኣብርሃም ገብረስላሴ (ሻውል)፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 8 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 6 ሕዳር ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሞት'ቲ ጉዱም ተጋዳላይ - ሓርበኛ ኣብርሃም ገብረስላሴ ደሞዝ (ሻውል) ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ኣፍራይነትን ተወዳዳርነትን ደቂ-ኣንስትዮ መታን ከይቀሃጸ

ስርዓት-ትምህርቲ ኣብ ከተማ ኩነ ምሕዱግ ቦታታት፡ ንምውዳዱን ምስፍሑን ብቐጻምነት ዝሰርሖ ዕማም እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ክልቲኦም ጾታታት ብማዕረ ዝሳተፉሉ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምጥጣሕ ድማ ብቐጻሊ እተፈላለየ ጻዕርታት ይካየድ። ብዘይካ'ዚ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ማዕረ ኣንጻር ጾታ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንኽትሳተፍ መላእ ሕብረተሰብ ክነቓቓሉን ብሓባር ክሰርሑን ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ "ኣደ ምምሃር፡ ስድራ-ቤትን ሕብረተሰብን ምምሃር እዩ" ዝብል ኣምልኻ ንዕዙዝ ተራ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዘጉልሕ ስለዝኾነ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እታ ዝተማሃረት ጓል-ኣንስተይቲ ብዘይካ'ቲ ኣብ ገዛ-ርእሳ እተምጽኦ ዕብየት፡ ኣብ ከባቢኣን ሕብረተሰብን እተሕድሮ ጽልዋ እውን ብቐሊል ዝጥመት ኣይኮነን። ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቲ ዝዋደድ ኣገልግሎት ትምህርቲ ተሳቲፈን ጥራይ ዘይኮና ተወዳዲረን ዝኸዱሉ ባይታ ንምርግጋጽ'ውን ብዕቱብ ክስራሓሉ ይግባእ።

ሎሚ፡ ኣብ'ተን ኣብ ከተማን ሓውሲ ከተማን ዝነብራ ጥራይ ከይተሓጽራ፡ እንተላይ እተን ኣብ ርሑቕ ቦታታት ዝነብራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሳዕለምኩ ትካላት ትምህርቲ ይጽንበራ ኣለዋ። ብዘይካ'ዚ፡ ተወዳደርትን ብሉጻትን ብምዃን ብእተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ክምረቓ ምዕዙብ ንብረ ተረኺቦ ኩይኑ ይርከብ። የግዳስ፡ እተን ደቂ-ኣንስትዮ ድሕሪ ናብ ስራሕ ዓለም ምጽንባረን፡ ኣብቲ ቀጻሊ ዝሰዕብ መድረኽ ምምስራት ሓዳርን ወሊድን ኣድማዕነተን ከምቲ ዝድለ ኣይስጉምን። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ምእላይ ሓዳር ኣዝዩ ከቢድ ዕማም እዩ። ተጽዕኖ ናይቲ ዝምስረት ሓዳር ድማ ናብታ ጓል-ኣንስተይቲ ዝዘዘወ እዩ። ካብዚ ዝቐለለ ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ፡ "ኣደ ብርሃን ገዛ" ዝብል ብሂል ብተደጋጋሚ ክዝውተር እንሰምዕ።

ኣብ ሕብረተ-ሰብና ምእላይን ምምራሕን ሓዳር፡ ሕልፊ ወዲ-ተባዕታይ ናብ ጓል-ኣንስተይቲ ዝቐረበ እዩ። ብዘይ ተወሳኺ ስራሕ ምእላይ ሓዳር ንበይኑ ማዕረ ከንደይ ከቢድ ምዃኑ ንኸሉ ሰብ ዝስወጦ ሓቂ እዩ። እሞኸ ደኣ፡ ነታ ስራሕ ገዛን ሞያዊ ዕማምን ብማዕረ ከተሳሲ እትጸዕር ጓል-ኣንስተይቲ፡ ዕሉታዊ ክብደት እተሕልፎ ከንቱ ብምንታይ ክዕቅር ይኽእል። ስለዚ፡ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ቈልዑ ንምእላይ፡ ስራሕ ገዛ ንምዕያይ፡ ሞያኣ ዝጠልቦ ግቡኣት ንምትግባር፡ ማሕበራዊ ናብራን ካልእን ንምፍጻም እተህልኾ ጸዓት ክትግምቶ ዘጸግም እዩ። ብዙሓት ከሉ'ቲ ካብኣን ዝጥሉብ ብማዕረ እናማልኣ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኣን ንዙሓለምኦ ምስሊ ውሽጠን ንምርግጋጽ ብልዑል ትዕግስቲ፡ ተወፋይነትን ተጻዋርነትን ክዓያ ደረኣየ። ኣብ'ዚ ክንዝከሮ ዘይብልና፡ ብዙሓት ንኽሉ ዝጥመን ማሕለኻታት ፈንጺ.ገን ንኽወጻ ብዘይካ ውሽጣዊ ሓይለን ደገፍ መጸምድተን መቐርበን ብቐሊሉ ዘይጥመት እዩ።

እምበኣርከስ፡ ብዙሓት ኣብ ሞያአን ዝለኣድ ብቕዓት ከንጸብርቃ ጸኒሐን ድሕሪ መርዓ ግን ዕቤተን ከምቲ ኣጀማምራኣን ኣይከውንን። ድሕሪ መርዓ ካብ'ቶም ንደቂ-ኣንስትዮ ዝዕንቅጹ ቀንዲ ረጃሒታት ድማ፡ ምእላይ ቈልዑ ብቐጻምነት ክጥቀስ ይኽእል። ብዙሓት ኣደታት ኣብቲ ዝሰርሓሉ ትካል መጸንሒ ህጻናት ስለዘይዋደደለን፡ ንውላደን ምስ መቕርበን ወይ'ውን ኣብ ትካላት መጸንሒ ህጻናት ክገድፈኦም ይግደዳ። ብዘይካ'ዚ፡ ንመጸንሒ ህጻናት ዝኸፍለአ መጠን ገንዘብ ምስ ኣታዊታተን ዘይሰማማዕ ምስ ዝኸውን ወይ'ውን እቲ ህጻን ዝውዕለሉ ከባቢ ንጹህን ምቹእን እንተዘይኪይኑ፡ እታ ኣደ ወላዲት ናብ ሕቝፊኣ ክትመልስ ትቕስብ። ኣብ ከምዚ ኩነት፡ እታ ኣደ ስራሕ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ከጋጥማ ንቡር እዩ። ብሳዕቤኑ፡ ካብ ወላዲን ሞያኣን ንሓደ ክትመርጽ ትግደድ። በዚ ምኽንያት፡ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ልዕሊ ውላድ እትሰርዖ ስለዘይብላ፡ ዓመታት ዝጸዓረትሉ ሞያ ጠንጢና ናብ ውሻጠ ኣደታት ትምለስ። ንውላዳ ኣብ ዝበዝሕ ሓዘለን ኣብ ስራሕ ዝርከባ ኣደታት ንዕዙብ ኢና። እታ ህጻን ኣብ ዝቦና እናረረወት እትጻዩ ጓል-ኣንስተይቲ ፍቕሪ ሞያኣ ስለዝዓዘዛ ወይ'ውን ብእትረኽቦ ኣታዊ ናብራኣ እትመርሕ ምስ እትኸውን ከምኡ ድማ ብእትረኽቦ እቶት ኣብ ገዛ-ርእሳ ክትምርሖስ ክትደሊ እውን ክትክውን ትኽእል እያ።

ኣብዚ እዋን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ይኹን ካልእ ጸላታት፡ ክንጸ ምስተታፍ ማዕረ ኣንጻር ጾታ ይወዳደራ ኣለዋ። ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝጸንሓ ደቂ-ኣንስትዮ ብሰንኪ ወሊድ ምስ ዝጠሰራ ንክሕድሕዱ ዝተጠናነበ ብደሆታት ኣብ ሕብረተሰብ ክኽሰት ይኽእል። እዚ ተርእዮ'ዚ፡ ንዕቤት ተሳታፍነትን ተወዳዳርነትን ደቂ-ኣንስትዮ ዝፀጽሊ እዩ። እምበኣርከ'ስ ነቲ ድሕሪ ወሊድ ዘጋጥም ብደሆታት ንምፍኳስ ኣገዳሲነት መጸንሒ ህጻናት ኣብ ቦታ ስራሕ ዕቱብ ኣተኩሮ ክወሃቦ ይግባእ። ኣብ ቦታ ስራሕ መጸንሒ ህጻናት ምውዳድ፡ ብዘይካ ነታ ኣደ፡ ንእትሰርሓሉ ትካላን ነቲ ህጻንን እውን ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ፈለማ ነታ ኣደ ዝህልዋ ጥቕሚ ብውሑዱ ምስ እንዕዘብ፡ ሓንቲ ኣደ ወላዳ ኣብ እትሰርሓሉ ቦታ እንተ ሃልዩ፡ ኣእምሮኣዊ ሰላም ስለዝሰፍና ኣብ ሞያኣ ዝያዳ ኣድማዒት ትኸውን። ማዕረ-ማዕረ'ዚ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ ግቡእ ግዜኣ ተረኺባ ብዙሕ ዕማም ከተሰላስል ይሕግዛ። ንትካላት መጸንሒ ህጻናትን ካልእን እተጥፍኦ ገንዘብ ተቑጠቡ፡ ብቑጠባዊ እቶታት ድማ ዕቤት ከተርኢ ትኽእል።

ብዘይካ'ዚ፡ መጸንሒ ህጻናት ኣብ ቦታ ስራሕ እንተሃልዩ ነቲ ህጻን እውን ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ንኣብነት፡ እቲ ህጻን ኣብ ጥቓ ወላዲቱ ስለዝህሉ፡ ዝሸኑ ምስ ዝደሊ ንወላዲቱ ብቐሊጡፍ ክረኽብ ይኽእል። ብዘይካ'ዚ፡ ግቡእ ስርዓት-ኣመጋግባ ብቑዕ ሕክምናዊ ክንክንን እኹል ናይ ድቃስ ሰዓታትን ብቐረባኡ ይረክብ። ስለዚ፡ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕቤት ህጻናት እውን ልዑል ተራ ኣለዎ። ካልእ ነቲ ትካል ዝህልዎ ጥቕምታት ብዙሕ እዩ። ንኣብነት፡ እታ ሰራሕተኛ ኣደ ኣብ ልዕሊ እትሰርሓሉ ትካል ዝያዳ እምነት ሓደራዋ ብምልእ ወኖኣ ስለእትሰርሕ ኣታዊታት ወይ ኣገልግሎት ናይ'ቲ ትካል ክሰፍሕ ይኽእል። ብኣንጻሩ'ዚ፡ ምልእ ብቕዓትን ክእለትን ዘውንና ደቂ-ኣንስትዮ ድሕሪ ወሊድ ካብ ስራሕ ዝጠሰራ እንተኾይነን እቲ ትካል ብቑጻሊ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ክቖጽር ይግደድ። ብሳዕቤኑ፡ ሓደስቲ ሰራሕተኛ ንኣገባብ ኣሰራርሓ መሊኾም ኣድማዕቲ ክሳብ ዝኾኑ፡ ኣፍራይነት እቲ ትካል ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል።

ባህርን ባህልን ኣንጻር ደቂ-ኣንስትዮ እዩ። ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ መንእሰያት ትምህርተን ድሕሪ ምዝዛመን ዝዘወሰ እዋን ጸኒሐን ብቐጥታ ወይ ቀልጢፈን ይምርዓዋ'ሞ፡ ምልእ ብቕዓትን ሓይልን እናሃለወን ኣብ ወሊድን ምዕባይ ቈልዑን ጥራይ ክጽመዳ ይረኣያ። የግዳስ ድሕሪ ወሊድ እውን ዓቕመንን ክእለተንን ኣብ ውሽጠን ተዓቢጡ መታን ከይተርፍ፡ ብዝዓጸጸፈ ክሰርሓን ክፍርያን ከም ዝኽእላ ክኣምና ይግባእ። ከም ዝፍለጥ፡ ሓዳርን ስራሕን ብማዕረ ኣጣሚርካ ምኻድ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ብሽመይ ንኽልቲኦም ብሞዝኖዊ ኣገባብ ትመርሖ ምውሳን ኣገዳሲ እዩ። እተን ኣደታት ሸግረን ግዚያዊ ምዃኑ ኣሚነን ንዓመታት ዝጸዓራሉ ሞያአን መታን ከይድፈኣ፡ ሎሚ ብልዑል ተስፋን ሓጎን ንቕድሚት ክምርሻ ይግባእ። ከምኡ ድማ መንግስታውያን ይኹኑ ብሕታውያን ትካላት፡ ብደሆታት ደቂ-ኣንስትዮ ጸገም መላእ ሕብረተ-ሰብ ምዃኑ ኣሚኖም ኣብ ምቅላሉ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ ይግባእ። ነተን መጸንሒ ህጻናት ዘዋደዳ ትካላት ብምዕዛብ እውን እወታዊ ረብሓኡ ኣብ ባይታ ክርእዩዎ ንላቡ።



## ኣልኮላዊ መስተን ሳዕቤናቱን

ኣልኮላዊ መስተ "ምቁር መርዚ" እናተባህለ ይግለጽ እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ብሰንኪ ምስ ኣልኮላዊ መስተ ዝተኣሳሰሩ ሕማማትን ሓደጋታትን ዓመታዊ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ህይወቶም ይስእኑ። ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ኣብ ውሽጡ ዝሓዘ እተፈላለየ ዓይነት መስተ፡ ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ዘኸትሎ ሳዕቤን ኣዝዩ ብዙሕን ንሓድሕዱ ዝተኣሳሰረ ጉድኣትን ዘኸትል እዩ። እቶም ወለፋት ኣልኮላዊ መስተ፡ ኣብ ጥዕናኦም ዘስዕቦ ጉድኣት ብሰንኪ ሞያ-ጥዕናን መቕርቦምን ብተደጋጋሚ እናተነገሮም፡ ነቲ ምኽሪ ጸማም እዝኒ ብምሃብ ብምርጫኦም ምሩኻት ይኾኑ።

ኣልኮላዊ መስተ ዘኸትሎ ጥዕናዊ ሳዕቤን ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ ምስእንምልከት፡ እቶም ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትሩ ሰባት በቲ ወልፊ ግዙኣት ስለዝኾኑ፡ ሓንጎሎም ንቡር ንጥፈታቱ ብግቡእ ከሰላስል ይጽገም። ከምኡ ድማ እቶም ሰባት ከም ካልኦት ሰባት ክዛረቡ፡ ክንቀሳቐሱ፡ ብትኽክል ክሓስቡን ከመዛዝኑን ይሽገሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንቡር መቕት ውሽጣዊ ኣካላቶም ክጉድል ይረአ። ብዘይካ'ዚ፡ ነፍሰ-ጾራት ኣደታት ኣልኮላዊ መስተ ንኽይሰትያ ሺጋራ ንኸየትክኻን ብሰብ ሞያ ጥዕና ብተደጋጋሚ መጠንቀቕታ ይወሃበን እዩ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ነፍሰ-ጾር ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሲ ኣልኮላዊ መስተ ምስ እትሰቲ፡ እቲ ዝውለድ ናጽላ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጉድለት ዘለዎ ክኸውን ይኽእል ወይ'ውን ምውት ዕሸል ክወልዳ ይኽእላ። ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ቁጠባዊ እቶት ናይ'ቶም ወለፋት ሰባት፡ ጎዲፍ ክሳራ ዘኸትል ሓደገኛ ልምዲ እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ወለፋት ምስ ስድራ-ቤቶም ኩነ ካልኦት ሰባት ድልዱል ርክብ ክምስርቱ ይሽገሩ እዮም። ንኣብነት፡ ሓደ ወገሐ-ጸብሓ ናብ ኣብያተ-መስተ ዝምርሕ ኣቦ ምስ ደቁ ይኹን መጻምድቱ ስምምዕን ምርድዳእን ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ብሳዕቤኑ፡ መጻኢ ዕድል እቶም ቈልዑን ቀጻልነት እቲ ሓዳርን ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ግድን ይኸውን። ብተወሳኺ፡ እቶም ተሰፋ ቁረጽም ኣብ በዓቲ መስተ ዝዕቁቡ ሰባት፡ ሕልናዊ ሰላም ስለዘይብሎም ነፍሰ-ቅትለት ክፍጽሙ ድሕር ኣይብሉን። ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ድማ ኀዘን ዓመጽን ንኽፍጽሙ ዝደናደኑ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ብዙሓት ኣልኮላዊ መስተ ሰትዮም ተሽከርከርቲ ዝመርሑ እውን ኣብ ልዕሊ ሰባት ከቢድ መጉዳእትን ሞትን ከኸትሉ ይረኣዩ እዮም። እምበኣርከስ፡ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰትዩ ሰባት፡ እቲ ብውሑድ ዓቕን ዝፈለምዎ ወልፊ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ኣካሎም ዘውርደዎ ሃሰያ፡ ህይወቶም ክመርሑ ኣብ ዘጸግምሉ መድረኽ ክበጽሑ እውን ይረኣዩ እዮም። ስለዚ፡ ኣልኮላዊ መስተ ከምቲ ብፍቓድካ ዝፈለምካዮ ብምርጫኻ ከም እትገድፎ'ውን ክትዘንግዖ የብልካን።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



### ኣገዳሲ መልእኽቲ ብምኽንያት ቅነ-ውሕስነት መድሃኒት

መድሃኒትካ፡ ብግቡእ ኣገባብ ዓቅብ!

መድሃኒትካ፡ ኣብ ህጻናትን እንስሳታትን ክረኽብዎ ዘይክእሉ ቦታ፤ ኣብ ዝሑል ዝበለ፡ ጠሊ ዘይብሉን፡ ቀጥታዊ ብርሃን ጸሓይ ዘይረኽቦን ቦታ ዓቅቦ። ገለ ገለ መድሃኒት ኣብ ፍርጅ ክዕቀቡ ዘለዎም ስለ ዘለዉ፥ ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ መትሓዚ መድሃኒት ወይ በራሪ ወረቐት (leaflet) ዝዘሎ ሓበሬታ ተመልከት። ወይ ከኣ ንኣተዓቓቕባ መድሃኒትካ ዝምልከት፡ ንበዓል ሞያ መድሃኒት ተወከስ። ምኽንያቱ መድሃኒታት ብግቡእ ምስ ዘይዕቀቡ ክበላሸዉን ናይ ምፍዋስ ዓቕሞም ክትሕት ወይ ጠቕሊሉ ክጠፍእ ይኽእል። ብተወሳኺ፥ ብዘይ ግቡእ ዝተዓቀበ መድሃኒት ብጌጋ ምስ ዝወሰድዎ ህጻናት ምስ ዝረኽብዎን ንምምራዝ ከቃልዖም ይኽእል። ስለዚ ብዝዕባ ግቡእ ኣተዓቓቕባ መድሃኒትካ ፍለጥን ኣተግብርን።



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሕርሻዊ ንጥፈታት ንኡስ ዞባ መንደፈራ

ስእሊ፦ ኣብርሃም በየነ

*ሎሚ ዓመት ኣብ መላእ ሃገር ሰፊሕ ዝርግሐ ዝበርሖ ዝናብ ከምዝኸረመ ይሕበር። ከም ውጽኢቱ ጺፉቒ ማዕጺድ ግይኡ እንተዘይ ገይሩ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ሃገርና ጽቡቕ ምህርቲ ክሕፈስ ትጽቢት ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝተንቀሳቐስናሉ፡ ንኸነታት ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝዳህሰሱ ምስ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ኣቶ በረኸት ተኽለስላሰ ቃለ-መሕተት ኣካይድና ነይርና። ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ዝዘከረ ሓበሬታ ድማ ይስዕብ፦*

ኣዝመራ ሎሚ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ማሕረስን ዘርእን ጀሚሮም። ብኸምዚ መገዲ፡ ዝተፈላለዩ ኣእካል፡ መሸላ፡ ዳጉሻ፡ ጣፍ፡ ስርናይ ሰገም፡ ካብ ጥረታት ድማ፡ ጥንደንሽን ዓይኒ ዓተርን ወዘተ. ዘርኦም ከሪሞም። ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ክዘርኡ ዘለዎም ጥረታት'ውን ዓተርን ሰበረን ድሮ ተዘሪኦም ኣብ ጽቡቕ ብቑልያ ይርከቡ።

መጠን ዝናብ ከረምቲ ሎሚ ዓመት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ከምቲ ዝተጠቕሰ 73 መዓልታት ሰፊሕ ዝርግሐ ዝበርሖ ዘበ። 1020.1 ሚሊ. ሜትር ከኣ ተመዝጊቡ። ኣብ ሓደ መዓልቲ 137.2 ሚሊ. ሜትር



ዘርእቲ ባልደንጓ ኣብ ዓዲ-ዛርና

ስለ ውዑ'ዩ ነይሩ። ሓረስቶት ግን በዚ ኣይተዛዩን። ዘርከቡ ጥብ ዝበለት ማይ ኣብ መዓልአ ንምውዓል፡ ቀዳማይን ካልኣይን ጉጻት ማሕረስ ዓሚሞም። ሰፍሓት ዝበርሖ ዝናብ ኣብ ክፍላ ሰነ እዩ ጀሚሩ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ግን ከም ኣጀማምራኡ ቀጻልነቱ ዘውሓሰ ጽቡቕ ዝርግሐ ዝበርሖ ዝናብ ነይሩ። መሬት ዝኣኽሎ ማይ ክሰቲን ክጠልልን ድማ ክኢሉ። ብፍላይ ኣብ ሓምሉ ለይትን ቀትርን ብዘይ ምቁራጽ ብምዝናቡ፡ መሬት ዝኣኽሎ ማይ ጸጊቡ፡ ተረፍ ጽጋቡ ንላዕሊ ገንፊሉ፡ ዝተኻዕቱ ዒላታት ክሳብ ኣፎም መሊኦም፡ ሰናጭሮን መሬት ሕርሻን ከይተረፉ ብመልክዕ ዛራ ሻሕሻሕ ክብል'ዩ ከሪሙ። እዚ ዝናብ ናይ ሎሚ ዓመት፡ ብተኣምር ዝገለጽን ቅድሚ 30 ወይ 40 ዓመት ዝተመዝገበን ምኳኑ ድማ ሰራሕተኛታት ጨንፈር ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣዘራሪብና። እዚ ናይ ሎሚ ዓመት መጠንን ዝርግሐን ዝናብ ኣብ ትሕዝቶ ትሕተ-ባይታኣዊ ማይ ኣብ ምህባቱ ማይ ዓቢ ዕድል ፈጢሩ ኣሎ።

ኣስታት 14 ሽሕ ሄክታር ዝሕረስ መሬት ዘለዎ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ 70 ሚእታዊ ኣእካል ዝተረፈ ጥረታት ይዝራእ። ሎሚ ዓመት ኩነታት ኣዝመራ ብዘይምንባሩ፡ ኣብ'ቲ ወቕቲ ክዘርኡ ዝበርም ኣእካል ከምቲ ዝደለ ኣይተዘርኡን። ስለዝኾኑ ሓረስቶት ዝናብ ጥብ ካብ ዝበለትላ ሰዓ'የም፡ ዝተመዝገቡ ክስተት ነይሩ። ብሓፈሻኡ መጠን ዝናብ ሎሚ ዓመት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ካብ ናይ ቅድሚኡ ዓመታት ፍሉይ ዝነበረ፡ ብምልኡ ኣብ ኣድላዪ ግዜ "ዝናብ ፍረ" ተባሂሉ ዝጥቀስ ዝናብ ብወርቃዊ ዓይኒ ዝጥመት ግዜ ብምዝናቡ'ዩ። እዚ ግዜ ዝጠዘሉ ዝተዘርኡ ኣእካል ኣብ ምሽዋትን ምብሳልን ዝጸሕሉ'ዩ። በዚ መንጽር ጽቡቕ ምህርቲ ክሕፈስ ትጽቢት ይግበር። በዚ መንጽር፡ ኣብ ዘለናዮ ግዜ (ቀውዒ) ዝዘንብ ዝናብ ካብ ጥቕሙ ክሳራኡ ከምዝዝይድ ኣየማጉትን።

**መዝሞጊ**

መዝሞጊታት ጽቡቕ ሳዕሪ ኣብቁሉም ደስ ኣብ ዘብል ኩነታት ይርከቡ። ንቕሉብ እንስሳታት ዝምልከት ክሳብ ዝተወሰነ ግዜ ስክፍታ የለን። ኣብ ገለ ከባቢታት ኣብ ልዕሊ 30 ሄክታር ጉድኣት ዘስዓበ ተርእዮ ንፋስን በረድን ዝተሰዐ ዝናብ ነይሩ። ሃሰያ ዝወረዶም ድማ ዳግማይ ከምዝዘርኡ ተገይሩ።

ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ብ14 ምምሕዳር ከባቢ ዝቖመ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ትሕዝቶ ሓመድ ሰቡሕን ረቂቕን ዝፈላለ ግን ከኣ ኩሉም ዓይነት ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቅብኣ ኣዝርእቲን ዝበቑልዎም ደጋ፡ ወይናደጋን ቆላን ኢልካ ክፋፈልካ ምርኣዩ ይከኣል።

**ከዘንቲ ማይ**

ከዘንቲ ማይ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ 65 ዲጋታትን ራህያታትን ይርከቡ። ቀጽሪ ከዘንቲ ማይ እዚ ዝተጠቕሰ ይኹን'ምበር፡ በበእዋኑ ደብት እናመልአ ይኹዳ ስለዘለዋ፡ ትጽቢት ዝግበረሉ ማይ ይኽዘን ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። መዕቁሪ ዝረኸበ ተኸዚኑ ኣሎ። ዝተረፈ ከኣ፡ ክዛረዩ ከሪሙ። ምናልባት ብምምላእ ደብት ዝተሓሰየ ከዘንቲ ማይ ተጸሪገን እንተተገጽንሓ፡ በዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዝዘረመ ዝናብ ዝኣክል ማይ ክወሃለል ምተኻእለ። ስለዚ ኣብ መጻኢ ክሕሰበሉ ይግባእ።

ማይ ድሕሪ ምውህሃሉ፡ ቀጺሉ ዝለዓል ሕቶ ኩነታት ልምዓት ጀርዲን'ዩ። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ምስ ትሕዝቶ ዝተኸዘነ ትሕተ-ባይታኣውን ማይ ተዛሚዱ ዝገለጸ፡ ዝሰፍሐ ክፋሉ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ፡ ድንሽ፡ ኮሚደረ፡ በርበረ፡ ካውሎ፡ ዕፉን እውን ተዘሪኡ ካብ'ቲ ከባቢ ወጻኢ ዕዳጋ ሃገር ዘረጋግጹ ኣስታት 2 ሽሕ ሄክታር ብጀርዲን ዝለምዕ ቦታ ኣሎ።

**ልምዓት ጀርዲን**

ጀርዲን እተንደአ ኢልካ ኣብ ማሕበር ተሓቝፎም ንጥፈታቶም ዘሰላስሉ ኣልማዕቲ ትጽቡ። ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣብ ምፍራይ ኣሕምልቲን ፍረታትን ዝጠፉ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ኣባላት ዝበርዎ ኣብ 1995ን 1996ን ዝተመስረተ ማሕበር ኣሎ። ካብ 2014 ጀሚሩ ምስ ሕጽረት ቀረብ ነዳዲን ምስኡ መለሳ መሬትን ተወሲኽዎ፡ ብኸምቲ ዝጀመሮ ናህሪ ክኸይድ ጸኒሑ። ብዘሎምታዊ ኣባላቱ ብናይ ሓባር ኣረኣእያ ጉዕዞ ልምዓታዊ ንጥፈታቶም ብዝሓየለ ሸኸኹ ጠሚቲዎም ክሰርሑሉ ይጸዓረሉ ኣሎ።

ካልኣት ብንጥፈት ኣብ ምንጣፍ ዝርከብ ማሕበራት ተራድኦታት ልምዓት ግን ኣለዋ። ሓንቲ ካብኣን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዙሓት ኣርባሕቲ እናተጸንበርዋ ጽቡቕ ገስጋስ እናመዝገበን ዝኸይድ ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ'ዩ። እዚ ማሕበር'ዚ ብ36 ኣባላት ተበጊሱ፡ ቀጽሪ ኣባላቱ ኣብ ቀረባ መጻኢ ናብ 100 ክበርኽ ትጽቢት ዝግበረሉ ኣሎ። እዚ ዓውዲ ዘገልግል ናውቲ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብቐጥታ ማሕበር'ዩ ዝርከብ። ንምቕረሐኡ ዝምልከት ከኣ ማሕበር ሓላፍነት ወሲዱ የካይዶ። ዝኾነ ኣባል ማሕበር ክኸውን ዝደሊ ብዘሐ. ዘውንኖ ቆፎ ንህቢ ኣይድርትን። ዘለዎ ሐዚ ክጸምበር ይኽእል። ኣብ'ዚ ከበርህ ዘለዎ፡ ጥርናፈ ኣፍረይቲ ንህቢ ምብዛሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍርያቶም ዝሸጡሉ ቦታን ዕዳጋን የድልዮም። እዚ ተራእዩ ምስ ዝምልከቶም ብምምይያጥ መሸጢ ቦታ ክፍቀደሎሚ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ ኣሎ።

ኣስታት 700 ሓረስቶት ኣባላት ዘለውዎ ማሕበር ተራድኦ ናይ ጸባ ኩቡ'ውን ኣሎ። እዚ ማሕበር'ዚ ክሳብ 2016 መዓልታዊ 5 ሽሕ ሊትሮ ጸባ ናብ ዕዳጋ ይቕርብ ነይሩ። ደሓር ግን ሕጽረት መግቢ እንስሳታት ሕቶ እናኾነ ስለ ዝኸደ፡ ናይ ጸባ ኩቡቲ እናጉደለ ብኡ መንጽር ፍርያት ምህርቲ ጸባ ክቕንስ ጀሚሩ። ማሕበር ንምሕያሉን ፍርያቱ ዝኾነ ጸባ ብዝተፈላለየ መልክዖት መስርሑ ንዕዳጋ ከቕርቦ ዝኽእል መገዲ ንምትብባዕ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።

ካልእ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ምስ ኩነታት ኮሮናን ካልእን ተሰናኺሉ ዝጸንሐ መፍረ ደርሁ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ዋጋ እንቋቑሖ ንዚሩ ጸኒሑ። እዚ ንምፍዋስ፡ መፍረ ደርሁ ንምብርባር ብኣውፈርቲን ብውልቅን ክሕተት ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘጠዘለን ናይ ሓደ መዓልቲ ዕድመ ዘለወን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ምህላወን ዝገለጸ 40 ሽሕ ጨቓዊት፡ ናብ ሓደ ሓረስታይ፡ 13 ሽሕ ከኣ፡ ናብ ትካላትን ሓውሲ ትካላትን ሓረስቶት ተሰጋጊረን ኣለዋ። እዚ ግን ፍርቂ ናይቲ ክሕተት ዝጸንሐ ጠለብ'ዩ። ተዓዲለን ዘለዋ ጨቓዊት ምውላድ ምስ ጀመራ ዋጋ እንቋቑሖ'ቲ ክበቢ ክረጋግአ ትጽቢት ይግበር።

**ሓለዋ ጥዕና እንስሳታት**

እንስሳታት ኣልዒልካ፡ ዝቐጽል ሕቶ ሓለዋ ጥዕናኦም ዝበል'ዩ። ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ብርክት ዝበሉ እንስሳታት ይርከቡ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ከኣ፡ እኹል ኣቕርቦት መድሃኒት ስለዝገብር፡ ዓመታዊ ክታበት እንስሳታት ይካየድ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ቆላዊ ቦታ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ክስተት ፍርማይ ሕማም ኩቡቲ ኣጋጢሙ ነይሩ። ኣቐዲሙ ስለዝተፈልጠን ኣድላዩ ምድላዋት ስለዝተገብረሉን ድማ፡ ከይሰገመ ተገቲኡ።

ካልእ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብፍሉይ ተፈቲኑ ወጽኢቱ ክርከቦ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝተዳቐለ ዕፉን ንግዚ ዝኸውን ሓደሽ ዓሌት ዝርከቦም ምብዛሕ ሰለስተ ዓሌት ስርናይ እዩ። ኣብ 4ን 31ን ሄክታር ተዘሪኦም ከኣ ኣብ ዘተኣማምን ናይ ምፍራይ ደረጃ ይርከቡ። ፋጆሊ'ውን ብተመሳሳሊ ንፈተነ ኣብ ሓደ ሄክታር ተዘሪኡ እዚ'ውን ጽቡቕ ኣንፈት ኣርእዩ ኣሎ።

**ዘይቲ ኣድሪ**

ዘይቲ ኣድሪ ንጥዕና ኣጉዳሲ ምኳኑ ይግለጽ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ሓረስቶት ንምዝርጋሑ ሰፊሕ ስራሕ ክካየድ ምጅንሑ ድማ ይሕበር። ካብ'ዚ ዝበገሰ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ኣስታት ሓደ ሽሕ ሄክታር ተባዚሖ ተወሲዱ። ዋሕዲ ዝናብን ካልእ ምኽንያትን ትጽቢት ዝተገብረሉ ምህርቲ ክሕፈስ ኣይተኻእለን። ውሑዳት ሓረስቶት ፍሉይ ኣገባብ ተጠቒሞም ክሳብ 24 ኲንታል ምህርቲ ዝሓፈሱ ግን ነይሮም። እቲ ዝተረኽበ ምህርቲ በቲ ዝወጽኣሉ መደብ ክጽመቕ ነይሩዎ። ጸመቕቲ ማሽናት ኣብ እዋኑ ስለ ዘይተቐረበ፡ ኣብ ሓረስቶት ምዕዛምዛማት ከይፈጠረ ኣይተረፈን። ዘርኢ ንምዕቃብን ናብ ካልኦት ሓረስቶት ንምስግጋርን ድማ፡ ዝርከቡ እቲ ዝተረኽበ ምህርቲ መንግስቲ ብኽቡር ዋጋ ከምዝገዝኦ ተገይሩ።

ሎሚ ዓመት ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ብርትዓዊ ዋጋ (ንሰዓት ብሕሳብ 150 ናቕፋ) ኮርፖረሽን ጥራትን ዘራእቲን ዘዋፈረን 12 ትራክተራት ከሪመን። በዚኣን ልዕሊ 2



ኣቶ በረኸት ተስፋስላሰ

ሽሕ ሄክታር መሬት ከም እተሓረሰ፡ ጠለብ ሓረስቶት ኣብ ምምላእ ዝኒፍ ደገፍ ከምዝበበራን ይግምግም። ብዘይካ'ዚኦን ጸገም ወሃንቲ ጀራዲን ኣብ ምፍታሕ ልዑል ግደ ዝነበሮ፡ ዓመት ምሉእ ኣገልግሎት ዝህባ ብውልቂ ዝውንና 4 ቀወምቲ ትራክተራት ምህላወን ይሕበር።

ሎሚ ዓመት ብዝበረ ህጡር ክረምቲ ልምዓት ጀርዲን ንምስፋሕ ሓደ ካብ ናይ መጻኢ መደብ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ እዩ። እንተ ተርእዮ ኣንበጣ ከይክሰት'ውን ዝኣክልን ኩሉ ዓይነት ቅድመ ምድላዋትን ተገይሩ ኣሎ። ሓረስቶት ከበኦም ክቆጻጸሩ ዘድሊ ሓበሬታን ስልጠናታትን ተዋሂቡዎም ኣሎ። ካልእ ብሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ዝተመሓላለፈ ትግበረ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትር ዝብል ተበግሶ ኣሎ። እዚ ወፍሪ'ዚ ኣብ ዓመት ኣብ ሰለስተ እብረ ቀሉብ ዓመት ምህርቲ እትሓፍሰሉ ኣገባብ እዩ። ዛጊት ኣብ ብዙሕ ከባቢታት'ቲ ንኡስ ዞባ ብዝተገበረ ፈተነ ካብ 5 ክሳብ 7 ኲንታል ስርናይ ክኣቱ ከም ዝኽእል ተረጋጊጹ ኣሎ። ኣብ ክረምቲ ሎሚ ዓመት ከኣ፡ 190 ሓረስቶት ነቲ ዕማም ክፍትንዎ መደብ ተዋሂቡዎም ስርናይ ዘሪኦም ኣለው። ተዘሪኡ ዘሎ ምስ ኣተወ እቲ መሬት ጥረታት ክዝራእ'ዩ። ኣብ ሓጋይ ከኣ፡ ብደገፍ መስኖ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ንምልማዕ መደብ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ቀጻሊ ወጽኢቱ ዝርአ ኣብ 200 ትርብዒት ሜትሮ ምቁር ድንሽን ኣሕምልቲን ናይ ምዝራእ መደብ ተታሒዙ ኣሎ።



ዘራእቲ ጣፍ ኣብ ከባቢ ሽካ-ወዲ ብሰራት

## ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ወድድር ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክኢኖሎጂት |
| 14:45 | ፓኖራማ |
| 15:30 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቃለ መሕትት ምስ ተዋዛዪቲ ፊልም መስተኻክር |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ቁልሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰት- ኮም |

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ከነስተብህለሉ ዘለና ጉዳያት

ብዛዕባ’ቲ ብቐጥታን ብቐረባን ዝጸልወካ ከባቢኻ ንቑሕ ምዃን ሓደ ኣገባብ ምውሓስን ምስፋሕን ረብሓታትካ’ዩ።

ስምኦን ወልደሚካኤል

ከባቢኻ ምዕዛብ፡ ኣብ ዙርያኻ ዝበሃልን ዝግበርን ምስትብሃል፡ ኣብ ሎሚ ረጊጽካ ንቕድሚት ምቁማትን ንድሕሪት ምጥማትን ከም ክእለትን ልማድን ብኹሉ ዝህረፍ’ኳ እንተኾነ፡ ኩሉ ዝኽእሎ ግን ኣይኮነን። እንተወሓደ ግን ሃንቀው ክንብሎ ዝግባእ’ዩ።

ከባቢና - ብኹሉ መኣዝኑ - ጽቡቕ ዜና ዘይሰምዖ ንዑብ ከባቢ ካብ ዝኸውን ሓጺር ኣይገበረን። ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጥን ሳዕቤናት ዝሩግ ዓለማዊ ስርዓትን ብዝበለጸ ዝገሃደሉ ዞባ እዩ። ናዕቢ፡ ፍርሰት ስርዓት፡ ጥምየት፡ ውሽጣዊ ግጭት፡ ሓድሕዳዊ ፍልስ፡ ሽበራ፡ ወዘተ ውሁባት መግለጺታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮይኖምሉ ኣብ ዘለዉ እዋን፡ ኩነታት ኤርትራ ከመይ ኣሎ? ሰላምን ምርግጋእን ብኣንጻሩ ግጭትን ምንዕዓብን ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ከም ዝዓቖረ ማይ ኮፍ በሃልቲ ኣይኮኑን። ንሓደ ዘይትደልዮ ነገር ስለ ዝጸላእካዮ ጥራይ ናባኻ ካብ ምምጻእ ዓዲ ኣይውዕልን እዩ። እቲ ዘይንደልዮ ናባና ገጹ ከይውሕዝ ወይ ከይነፍስ እንታይ ጌርና፡ እንታይ ንገብር ኣሎና፡ እንታይ ክንገብር ኣሎና? ካብቲ “ክትድቅስ ጎረቤትካ ይደቅስ” ዝብል ምስላ ቀዳሞት ወለድና ነቒልና፡ ልዋም ድቃስ ክንድቅስ ምእንቲ ንቐጨውጨውን ግዓርን ናይቶም ድቃስ ስኢኖም ዘለዉ ነስተብህለሉ ኣሎናዶ?

ከም መንእሰያት፡ ኣብ ጎረባብትና ዝበሃልን ዝግበርን ከነስተብህለሉ ከም ዘለና ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን። ጎደቦኻ ምክትታል ወጣም ምዃን ማለት ዘይኮነስ ኣስተብሃሊ ምዃን እዩ። ብዛዕባ’ቲ ብቐጥታን ብቐረባን ዝጸልወካ ከባቢኻ ንቑሕ ምዃን ሓደ ኣገባብ ምውሓስን ምስፋሕን ረብሓታትካ’ዩ። ነቲ ዝድልየናን ዝርብሓናን ክንሰዕቦ ክንስሕቦ፣ ብኣንጻሩ ኸኣ ነቲ ዝጎድኣናን ዘይንደልዮን ክዓግቶን ከነምክኖን ንቑሕ ምክትታል ካብቲ ክንገብሮ ዘለና እዩ። ኣብዚ ልዑል ናይ ምጽልላው ዘመን፡ ኣብ መንጎ ግዳማውን ውሽጣውን ጉዳያት ዝፈሊ መስመር ከተቐምጥ ቀሊል ኣይኮነን። ኤርትራውያን እነስተንፍሶ ኣየር ኣብ ሰማይ ኤርትራ ጥራይ ዝዛውን ኣይኮነን። ምስ ጎረባብትና ዝፈሊ ንጹር ዶብን ነዚ ዶብ’ዚ ኣጽኒዑ ዝሕሉ ሓይልን ዘለና ሃገር’ኳ እንተኾንና፡ ዶብ ዘይዓጅቦ ብዙሕ ነገራት ከም ዘሎ ከነስተብል ይግባእ።

ኣብ ገዝኡም ኮይኖም ታህዲድ፡ ፈኸራ፡ ቅንኣት፡ ሕሳደ፡ ጽልኢ፡ ክፉእ ትምኒት፡ ወዘተ. ዝተፍኡ፡ ኣብ ኣስመራ መጺኦም በቲ እንሰምዖ ቋንቋ ክሳብ ዘደግምዎ ምስትውዓልና ክንዓጹ ኣይግባእን። ዝኾነ ሃገር ካብቲ ዘለዋን ዝኾነቶን ወጻኢ ትልእኾ ነገር የብላን። ብውግእ ሕድሕድ ካብ ትደሚ ሃገር፡ ናብ ጎረባብታ ሰላም ክትልእኽን ናይ ሰላምን ምርግጋእን ሓይሊ ክትከውንን ኣይትኽእልን እያ። ብሄራውን ሃይማኖታውን ስነ-ሓሳብ እተሳሲ ሃገር፡ ናብ ጎረባብታ ከተስልኾ እትህቅን ሓሳብ ሃገራውነት፡ ሃገራዊ መንነትን ዜግነታዊ ሕውነትን ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ሰፈር ኩሎም ዓይነት ሕማማት ካብ ዝኾነት ጎደቦ ጥዕና ክመጽእ ዝጽበ የለን።

ኤርትራ ጎረባብታ ክግድዓ እንከለዋ፡ ንኽትሕግዝ ኢዳ ክትዝርግሕ ብምኽኣላ “ናይ ሕማቕ እዋን ዘመድ” ተባሂላ ተገሊጻ እያ። “ሳላ ኤርትራ” ተባሂሉ፣ ሓንሳብ ዘይኮነ እናሳዕ፡ ብውሑዳት ዘይኮነ ብብዙሓት ተደጋጊሙ እዩ። ባይታኦም እሳት ንዝተኻዕዎም ከኣ መዕረፊትን መርገጺትን ብምዃና “የቐንየልና ኤርትራ” ተባሂላ። ፍረ ናይዚ ጽቡቕ ግብሪ’ዚ ኣብ ሕጂ እንተ ዘይተራእየ ጽባሕ ብኻዕበት ክሕፈስ ምዃኑ ዝጠራጠር ወገን ክህሉ የብሉን። ጽቡቕ ግብሪ ኣብ መጻኢ መኽሰብ ሒዙልካ ዝመጽእ ወፍሪ ክኸውን እንከሎ፡ ሕማቕ ግብርን ዘረባን ከኣ ጽባሕ እትኸፍሎ ዕዳ ሒዙልካ ዝመጽእ ነውሪ እዩ። እዚ ሕጂ ከም ሃገር እንዘርኦ ዘለና ፍረ ጽቡቕ ግብሪ፡ መንእሰያትን መጻእቲ ወለዶታትን ኤርትራ ክዓጽድዎ እዮም። ፍረ ጽቡቕ ግብሪ ብኽሕደት ኣይሓርርን እዩ።





ፈታዊኻን ጸላኢኻን ከይተጋገኻ ምፍላጥ፡ ኣብቲ ንምቕጻል እንገብሮ ቃልሲ መሰረታዊ እዩ። ፈታዊኻን ጸላኢኻን ንምፍላጥ ምስትብሃል ወሳኒ’ዩ። ፈተውትናን ጸላእትናን ክንፈልጥ እንተወሓደ ንቓሎም፡ ተግባሮም፡ መትከሎምን ዕላማኦምን ምዕዛብ የድሊ። ኣብ ልዕሌና ዘለዎም ኣጠማምታ’ውን ከነስተብህለሉ ዘለና ጉዳይ’ዩ። ብዛዕባና ዝብልዎ ምፍላጥ ኣገዳሲ ዝገብሮ እምበኣር ብኸመይ ክንሕዞም ከም ዘለና ኣብ ምፍላጥ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ እዩ። ስለዚ ብዛዕባና እንታይ ይበሃል ኣሎ? ኣቓልቦኦም ስሒቡ ዘሎ እንታይነትና ኣየናይ እዩ? ኣብ ምንታይና እዮም ኣተኲሮም ዘለዉ? - ኣብ ሰላምናን ርግኣትናን፡ ባይታናን ባሕርናን፡ ብዙሕነትናን ሓድነትናን፡ ጻዕርናን ገስጋስናን፡ ሳዋን ኮለጃትን፡ መንእሰያትን ዓበይትን፡ ሕሉፍናን መጻኢናን ... እቲ ዝርዝር ይቕጽል።

ከም ኤርትራውያን፡ ቅሱን ህይወት ንምንባር ካብ ዘድልዩ ነገራት፡ ካብቶም ዘይብልና እቶም ዘለዉና ይብዝሑ። ህይወት ብዘይ ሰላምን ቅሳነትን ትርጉም የብላን። ማዕሪኡ ህይወት ብዘይ ተስፋ ንምንባራ ተብህግ ኣይኮነትን። ተስፋ ንሰብ ከምቲ ኣየር ንኸዕሶ እዩ። ዕራርቦ ናይታ ክትበርቕ ዝረኣይዋ ጸሓይ ንምርኣይ ዝጽልዩ ሰባት ዝሓልፍዎ ህይወት ምስ ምንባር ዝሕሰብ ኣይኮነን። መንእሰያት ኤርትራ ክንፈልጦን ከነኽብሮን ዘለና ብርክት ዝበለ ጸጋታት ኣብ ኢድና ኣሎ። ንኹሉ ታሪኻዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ባህርያውን ካልኦትን ጸጋታትና ብምልኣት ክሳብ እንዝርዝሮ፡ ንጸጋ ሃገራዊ ሓድነት ፈልየ ክጥቀስ።

ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ሰፈር ንሓድሕዶም ዝናዳሕን ንኽቃተል ዝህወኽን ህዝቢ፡ ንሃገር ከም ጥምርቲ ኣሃዱ ዘይርእዩ ናይ ጉጅለታት መንግስትን ጽግዕተኛታት ናይ ፖለቲካ ሓይልታትን ኮይነን ከንቀጥቅጣ ንዕዘበን ኣለና። ኣብ ሕንብርተን ዝተኸሰተ ፖለቲካዊ ምንቅጥቃጥ ዓቢ ብምዃኑ፡ ኩሉ ዝተተኽለ ፈሪሱ መዓልታዊ ዝዕበጥ ዘሎ ህይወት መንእሰያትን ቈልዑን ኣሰንባዲ’ዩ። እቲ ካብ ሞት ዘምለጠ ኸኣ ክሳብ ሞት ህሩግ እትብሎ ህይወት ካልኦት ከሕልፍ ላዕልን ታሕትን ክብል ይጸንሕ። ሓድሕዳዊ ምቅትታል ኣብ ዝነግሰሉ ህይወት ክትሓስርን ክትነዓቕን ግድን’ዩ። ኣፍ ብዘውጽኦ ዝትፋእ ዘሎ ህይወት ዘሕርር ኣቃጻሊ ስብከታት፡ ኣብ መጻኢ ሳዕቤኑ ዝገደደ ከም ዝኸውን ንምፍላጡ ከቢድ ኣይኮነን። መንእሰያት ዝጥበስሉ መጋርያ ኣብ ምእጓድ ዝዋሕለሉ ስርዓታት፡ ንሃገራዊ ሓድነት ከም ዝዓበየ ስግኣት ብምጥማት ንምንቛት ከም ኣገባብ ኣመሓዳድራ ሒዘሞ ኣለዉ።

ሃገራዊ ሓድነት፡ ቅድመ-ኩነት ንሰለማዊ ናብራን ዕብየትን’ዩ ዝሰራዕ። ህኮትን ሓድሕዳዊ ግጭትን ኣብ ዘለዎ ሃገር፡ ህይወት መንእሰያት ከም ዕንጨይቲ ናብ እቶን እዩ ዝርኳዕ። ዘቤታዊ ግጭት ንሰብኣውነት ናይ ተጋጠምቲ ብዘይ ተረፍ ሓግሒጉ ስለ ዝድርቢ፡ ቅትለት ንዕላማ ዘይኮነስ ንባህታ እቲ ቀታሊ እዩ ዝፍጸም። ዓመጽ፡ ራስያን ዕንወትን ከኣ ይገንን። ሰባት ካብ ቤቶም ጥራይ ዘይኮነስ ካብቲ ንቡር ዝበሃል ሃዲሞም ኣብ ነውሪ ይዕቀቡ። ሱዳንን ኢትዮጵያን ካብተን ንቑጽሪ ተመዛበልቲ ዓለምና ኣብ ምዕባይ ዝለዓለ እጃም ዘበርከታ ሃገራት ተባሂለን ኣብ ቅድሚት ተረቑሐን ኣለዋ። ኣብ ሱዳን እቶም ዶብ ዝሰገሩ ገዲፍና፡ ኣስታት 11 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ውሽጢ እታ ሃገር ተመዛቢሉ ይርከብ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣስታት 5 ሚልዮን ህዝቢ ብሰንኪ ግጭት ካብ ቤቱ ተመዛቢሉ ይርከብ። ቍጽሪ ዘይመሃርን ሐሕማቑ ዝንገርን ከክፉኡ ዝምኵርን ዘሎ መንእሰይ እናበዝሐ ኣብ ዝኸድሉ ሃገር፡ ተስፋ እናተጸንቀቐ፡ መጻኢ እናጸልመተን ነውሪ እናነገሰን እዩ ዝኸይድ። ኣብ ኤርትራ መዓልታዊ ኣስታት 800 ሽሕ ቈልዑን መንእሰያትን መዓልታዊ ናብ ቤት ትምህርቲ ወፊሮም ከም ዓቕምን ክእለትን መምህራንና ይመሃሩ ኣለዉ። ልዕሊ ኩሉ “ምስ ዓበኻ፡” “ትምህርቲ ምስ ወዳእካ፡” እናተባህለ ካብ ወለዶምን መምህራኖምን ዝሰምዕዎ ሰናይ ትምኒት ኣለዎም።

ኤርትራ ኣረጋጊጻቶ ዘላ ሃገራዊ ሓድነት፡ ኣብ ከባቢና ንዘለዋ ሃገራት ክብጻሕ ዘይከኣል ሕልሚ’ዩ። ሃገራዊ ሓድነት ጨቢጥና፡ ብሕብረትን ስኒትን ክንነብር ዘኽኣለና ምስጢር ወይ ብልሓት እንታይ እዩ? እቲ መልሲ “ካብ ዕድልና ጸቢቑ” ወጻኢ፡ ብዙሕ ስለ ዝኾነ ንዛተየሉ።

***

> ኤርትራ ኣረጋጊጻቶ ዘላ ሃገራዊ ሓድነት፡ ኣብ ከባቢና ንዘለዋ ሃገራት ክብጻሕ ዘይከኣል ሕልሚ’ዩ።

# ሓሳባት

ሲራክ ክፍለ
መበል 28 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ 'ሕብረተሰባት ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ማሕበረሰብ እንታይ ማለት ምዃኑን ንማሕበረሰብ ዘቖሙ ደንቢታትን ክብርታትን ኣገባባትን ኣንቢብና። ቀጺልና ብዛዕባ ማሕበራዊ ውዳብ ማሕበራዊ ውድባትን ትካላትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዕቡላ ስልጣንን ምምዳብ ጸጋታትን፣ ብዛዕባ ወሊቃዊን ሓብራዊን ድልየታት ኣብ ወሽጢ ሓደ ማሕበረሰብ፡ ተራን ሓላፍነትን መንግስቲ፡ ተራ ወለንታውያን ማሕበራት ኣብ ምፍጻም ሓብራዊ ድሌትን ምፍታሕ ግርጭታትን፡ ጠንቂ ግርጭት ኣብ ማሕበረሰብ ተመልኪትና ኔርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ—*

***

**ማሕበራዊ-ምምዕባይ**

ማሕበራዊ-ምምዕራይ ኣገዳሲ ሰፊሕ ኣርእስቲ እዩ። ኣብኡ ቀድሚ ምእታውና ሓብራዊ መረዳእታ ኣምሪት ንክህልወና ፈለማ ሓጺር መእተዊ ብዛዕባ ምምዕራይን ምሕደራ-ምምዕራይን (Change Management) ሓጺር መብርሂ ክንገብር።


ንምምዕራይን ምሕደራ-ምምዕራይን ኣመልኪቶም ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝተኻየዱ ብዙሓት መጽናዕቲታትን ዝተዳለዉ ኣገደስቲ ጽሑፋትን ኣለዉ። ከምዚ ዓይነት ጽሑፋት፡ ሙብዛሕትኡ ግዜ ንመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ተባሂሉ ዝዳሎ እዩ። ምምዕራይን ምሕደራ-ምምዕራይን፡ ኢቃሊልካ ክረአ ከምዘይግባእ፡ ሰፊሕ ምድላዋትን፡ ምንቅቓሕን ከም ዝሓትት ምዕራባውያን ክኢላታት ይገልጹ።

እዚ ልክዕ መረዳእታ'ዚ እናሃለዎም ግና፡ ብደረጃ ሓደ ትካል ጥራይ ዘይኮነ፡ ብደረጃ ሃገር ዓበይቲ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ለውጢታት፡ ካብ ምዕራብ ቀድሕ ኣብልካ ከምዘለዎ ናብ ሃገራት ኣፍሪቃ ክትጥቀየ ከም እትኽእል ኣምሲሎም ዝሰብኩ ናይ ምዕራብ ግብረሰናይ ማሕበራትን መንግስታትን ብዙሓት እዮም። ብዛዕባ'ዚ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፋትና ኣብነታት ክቐርብ ኢና። ኣብዚ ክንግንዘቦ ዘለና ዕላማ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ንሓሳባትን ትካላትን ሃገራት ምዕራብ ንምንጻግ ዘይኮነ፡ ካብቲ ኣብ ምዕራብ ዝማዕበለ ሓሳባትን ትካላትን ተማሂርካ ምስ ህሉው ኩነታት ሃገራት ኣፍሪቃ ብኸመይ ከተተግብሮ ትኽእል? ንምድህሳስ እዩ። እዚ ዝስዕብ ጽሑፍ'ውን ብቐንዱ ካብቲ ሃብታም ናይ ሃገራት ምዕራብ ጽሑፋት ዝበገሰ እዩ።

**ምምዕራይ እንታይ ማለት እዩ?**

ምምዕራይ ማለት ካብ ሓደ ህሉው ኩነታት ናብ ዝሓሸ ኩነታት ንምስግጋር ዝግበር ሰርቢቶኽ ወይ ዘገምታዊ ማስርሕ ለውጢ እዩ። "ህሉው ኩነታት" ከምኡ'ውን "ዝሓሸ ኩነታት" ዝብል ኣምር ብዝተኣማሚዱ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ከባብያዊ ወዘተ. ዝግለጽ ኮይኑ ብቐንዱ ምስ ድልየት/ትጽቢት ሰባትን ማሕበረሰባትን ዝተተሓሓዘ እዩ።

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




**ምሕደራ-ምምዕራይ እንታይ ማለት እዩ?**

ብዛዕባ ምምዕራይ ቅድሚ ምሕሳብ፡ ፈለማ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ብግቡእ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ባይታ ዘሎ "ህሉው ኩነታት" ብግቡእ ከይፈለጥካን ብዕምቈት ከይተረዳእካን፡ "ዝሓሸ ኩነታት" ዝበሃል ነገር ይትረፍዶ ምትግባሩ ምግላጹ'ውን ዝከኣል ኣይኮነን። "ህሉው" ኩነታት ብግቡእ ምስ ተፈልጠ ድማ፡ ንምምዕራይ ዝሕግዝ ስትራተጂ ምሕደራ-ምምዕራይ ንምድላው ምሉእ ኣፍልጦ ይህሉ።

**ስትራተጂ ምምሕዳር ምምዕራይ፡-**

ከም ኣብነት እቲ ምምዕራይ ዘድልዩ ጉዳይ ብዛዕባ "ክብሪ መንበር" እዩ ኢልና ንሕሰብ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ሕቶታት ክቐርብ ይኽእል። (ሀ) እንታይ ዓይነት ምምዕራይ? ድኻማ እኽሊ፡ ማይ፡ ጸዓት፡ ክራይ ገዛ ወዘተ። (ለ) ምምዕራይ ዝደልዩ ዘለዉ መን እዮም? ሓረስቶት፡ ሸቃሎ፡ ተመሃሮ ወዘተ። (ሐ) ምምዕርራይ ንምግባር ዝደረኸ ኩነት እንታይ እዩ? ብሰንኪ ሕማቕ ክራማት፡ መዘርግሒ መግቢ ስለዘየለ ወዘተ። (መ) እቲ ዘሎ ኩነታት'ከ ምምዕርራይ ንምግባር የፍቅድ ድዩ? ዝድገም ኣካል (መንግስቲ) ፕዝዙብ ኣለዎ ድዩ? መግቢ መኽዘንን መዘርግሕን ትሕተ-ቅርጺ ኣሎ'ዶ? እንተዘየለ ክትከል እንታይ የድሊ ወዘተ። (ሰ) ዘገምታዊ ድዩ ወይስ ሰርቢቶኽ ምምዕራይ ዘድሊ? ትሕተ-ቅርጺ ምስራሕ ብባህሪኡ ዘገምታዊ ብብቑሩብ ዝህነጽ እዩ፡ ብጥምየት ኣብ ኣፍ-ሞት ንዘሎ ሰብ ግን ቅጽበታዊ መፍትሒ ይጠልብ ወዘተ. ዝብሉ ደረኽቲ ምምዕርራይ ረቛሒታት ብዝርዝር ይግለጹን ይስዱን።

**ትሕዝቶ ምምዕራይ፡-**

ንምምዕራይ ዝደረኹ ነገራት ብዝርዝር ምስ ተገልጹ ቀንዲ ኣገደስቲ ዝበሃሉ "ትሕዝቶ" (content) ናይ ህሉው ኩነታትን ትጽቢት ዝግበረሉ መጻኢ ኩነታትን ይዝርዝር። ትሕዝቶ ይዝርዝር ማለት: (ሀ) እንታይ እዩ ክመዓራረ ዝድለ ዘሎ? ዋጋ እኽሊ፡ እቲ ትሑት ኣታዊ ዘለዎ ክፋል ሕብረተሰብ ክሽምቶ ከምዝኽእል ምግባር? ምምዕራይ ደሞዝ? ወዘተ። (ለ) እንታይ እዩ ካብቲ ዝሕተት ምምዕራይ ወጻኢ? ዋጋ ጋዝ፡ ነዳዲ፡ ኣልኮላዊ መስተ ወዘተ። (ሐ) እቲ ዝግበር ምምዕራይ'ከ ኣብ ካልእ ድልየታት/ትጽቢታት ዝህልዎ ሳዕቤን እንታይ እዩ? ንኣብነት ምምዕራይ ዋጋ ባኒ ንቀረብ ፊኖ ብኸመይ ይጸልዎ፡ ወሰኽ ደሞዝ ሰራሕተኛ'ኸ ንሓፈሻዊ ዕዳጋ ከመይ ይጸልዎ ወዘተ ይንጸር።

**ዕላማ ምምዕራይ፡-**

ዕላማ ምምዕራይ ብንጹር ምግላጹ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት "ምምሕያሽ መንበር" ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነ ተዛማዲን ብምዃኑ ከም "ዕላማ" ዝወሰድ ኣይኮነን። ጭቡጥ ድልየት/ትጽቢት፡ ንመንን ብልክዕን ኣነጺርካ ክግለጽ እንከሎ እዩ ኣብ ዕማም ምምዕርራይ ትርጉም ዝህብ። ንኣብነት "ርትዓዊ ቀረብ መግቢ ንሸቃሎ" እንታይን፡ ንመንን ብንጹር ዝገልጽ "ዕላማ" እዩ። ዕላማ ሰፊሕ ክኸውን ኣይግባእን ማለት ኣይኮነን፡ ግን ካብቲ ብጭቡጥ ዝድለ ወይ ዝጥለብ ምምዕራይ ምስፍሑ ግን ውጽኢታዊ ኣይከውንን እዩ።

**ማስርሕ ምምዕራይ፡-**

እዚ ከም ኣብነት ዘቕረብናዮ ጉዳይ ምኽባር መንበር (ንኣብነት ክብሪ ባዚ)፡ ውልቀሰብ በይኑ ዝሬትሖ




ጉዳይ ኣይኮነን። ምምዕርራይ ዝጠልቦ ሸቃሎ/ሰራሕተኛታት እንተኾይኖም ብውዱብ መልክዕ ጠለቦቶም ከቕርቡ እንከለዉ ተሰሚዕቶት ይረኽቡ። ብዛዕባ ማሕበራዊ ውዳብ ኣቕዲምና ተንኪናዮ ኢና። ብዛዕባ ውዳበን ማስርሕ ምምዕራይን ድማ ኣብ ዝስዕብ ምዕራፋት ብሰፊሕ ክንድህሰስ ኢና።



**ሰባት፡-**

ኩሉ ማስርሕ ምምዕራይ፡ ኑየም ብቐጥታ ምምዕራይ ዝሓቱ ሰባት ወይ ማሕበራዊ-ጉጅለታት ጥራይ ዘይኮነሱ ንዘተፈላለዩ ሰባትን ማሕበራዊ-ጉጅለታትን ክጸልዎም ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ዝኾነ ይኹን ምምዕራይ ኑየም ምምዕርራይ ዝጠልቡ ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሎም ሰባትን ማሕበራዊ ጉጅለታትን ዝህልዎ ሳዕቤን ብሰፊሕ ክገምገም ይግባእ።

**ሓሳብ፡ ትካላት፡ ተግባር ማሕበራዊ ምምዕራይ፡-**

እዚ ሐዚ ዝናዮ ዘለና ኣርእስቲ፡ ኣካል ናይቲ ኣቐዲምና ዘልዓልናዮ "ማሕበረሰብ ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ" ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ እዩ። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ፣ ማሕበራዊ ደንቢ፣ ማሕበራዊ ኣገባብ፣ ማሕበራዊ ውዳብ፣ ማሕበራዊ ግርጭት፣ ዝብሉ ንኡሳን ኣርእስቲ ርኢና ኢና። ስለዚ እዞም ኣቐዲምና ዝዳህሰስናዮም ንኡሳን ኣርእስቲታት ምስ ማሕበራዊ ምምዕራይ ኣተሓሒዝና ክንርእዮም ዘለና እዮም። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ማሕበራዊ-ምምዕራይ ምስቲ ምዕራባውያን ማሕበራዊ-ለውጢ (Social Change) ዝብልዎ ኣምር ዝመሳሰል ኮይኑ፡ ምስ ባህርን ኩነታትን ማሕበረሰብና ኣተሓሒዝና ምእንቲ ክንገልጾ ኣብ ክንዲ "ለውጢ"፡ "ምምዕራይ" ዝብል ኣምር ክንጥቀም ኢና መሪጽና።

ጽሑፍ'ዚ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ናይ ማሕበረሰብ ሕቶታት - ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ከባብያዊ፡ ወዘተ. ሓዋዊስካ ኣብ ክንዲ ምርኣይ ቡቲ "ሓሳባት፡ ትካላት፡ ተግባራት" ዝብል ህንጸተ-ሓሳብ ፈላሊኻን ኣነጺርካን ብምርኣይ መፍትሒ ስለዘቕርብ እዩ።

ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ሕሉፍ መስርሓት ዝተጠራቐመ ጸጋታት ዓቂቡ፡ ብቀጻሊ ዝምዕበል ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘለዓሉ ድልየታት/ጠለባት፡ ዓቕሙ ብዘፈቕዶን ማሕበራዊ ፍትሒ ብዘረጋግጽን መገዲ፡ መፍትሒታት/ውጽኢታት (Results) ምስ ዘርኢ ጥራይ እዩ። ኣዚ ኣብ ምግባር ድማ፡ ናይቲ ማሕበረሰብ ደንቢታት (እምነት፡ ሕጊ፡ ልምዲ፡ ክብሪ) ንኹሉ ምንቅስቓሱ ይጸልውዎ እዮም። ከምቲ ኣቐዲሙ ቀሪቡ ዘሎ፡ ድልየት/ትጽቢት ማሕበረሰብ (ህዝቢ) ብግቡእ ተረዲእካ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋግጽ መፍትሒ/ውጽኢት ንምርግጋጽ ከኣ፡ ንቑሕን ምዕቡልን ማሕበራዊ ውዳበን ሓያል መንግስትን ከም ዘድሊ ምግንዛብ ይከኣል።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ትርሓስ ገብረሚካኤል ጓንጉል፡ ኣዴና ሃንሱ ህዙቅያስ ዘወልዲ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 ይቕረብ።

ይሕደጋ ፍስሃየ ወልደገብርኤል፡ ኣዴይ ለተኪዳን ተስፋማርያም እማሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ታኣምራት ኣስራት ተኽለይ፡ ኣደይ ረዘን ይሕደጎ ተወልደ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሙሴ ኣብርሃም ብርሃ፡ ኣቦና ኣብርሃም ብርሃ ኣስገዶምን ኣዴና ኣረጋሽ ዑቕባዝብርኤል ገብረየሱስን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

የርዳኖስ ካሕሳይ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ሰዩም ዑቕባጋብር ሃይሉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 22 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

በረኸት ገብረማርያም ተኽለሚካኤል፡ ተጸዋዒ ሓወይ ዳኒኤል ገብረማርያም ተኽለሚካኤል ካብ 14/3/1996 ደሃይ ስለዘየብሉ፣ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ስለዘቕረበት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር ጉዕቡ፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ገብረመስቀል ዘርኡ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ ኣቶ ተኽለ ዘርኣይ በራኺን ወዘ. መልሲ ወ/ረ ቀኛ/ኣርኣያ ሰዩም ወ/ረ ኁፍ ለተየሱስ ገብረልኣል ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ወዘ. መልሲ 1. ኣቶ ዳኒኤል ኣርኣያ ሰዩም 2.ኣቶ ሙልጌታ ኣርኣያ ሰዩም ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ተጸዊዕኩም ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/40 ቕረቡ። እንተዘየቐረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ጸገሬዳ ፍስሃጽየን ኣስገዶም፡ ወለደይ ፍስሃጽየን ኣስገዶም ተስፋን ኣሙተጽየን ገብረሂወት ተስፋን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ንፍታሌም መሓሪ የማኔ ወለደይ መሓሪ የማነ ዑቕባሚካኤልን ለተኪዳን ተኽለ ሃብቱን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣምለሱ ወልደየውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ገዛኢ ገብረየሱስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ምስ ተተካእቲ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሽሻይ በርሀ ሳህሉ፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ሓጎስ ሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለዩ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ታምኣይል ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር፡ ተኸሳሲ ኣቶ እድሪስ ዐስማን፡ ናይ ውዝፍ ዕዳን ናይ ምልቃቕን ክሲ ስለዝተማስረተሉ፡ ተኸሳሲ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ምሕረት ኪዳነ ባህታ፡ ነ/ሄር ሂማን ባህታ ተኽለ ዝዘበትሒ ወሁብቶ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወሁብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተጸዋዒ ሳሮን መድሃኔ መሓሪ፡ ብኣመልከትቲ ወ/ት ሰምሃር መድሃኔ መሓሪን ወ/ት ሰሊና መድሃኔ መሓሪን፡ ናይ ጥፉእ ሓውና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ቶማስ መሓሪ ክፍሎም፡ ወላዲየይ መሓሪ ክፍሎም ስለዝዋረፈ፡ ዝሃበኒ ወሁብቶ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዕድያ መሓመድ ዓብደልዋስዕ ምግባል ተሪፉ፡ ሃናእ መሓመድ ዓብደልዋስዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብስራት ማሰፍን፡ ወላዲየይ ማሰፍን ካሕሳይ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ክብሮም ዑቕባሚካኤል፡ ኣሞይ ርዚና ሚከኤል ገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን ደቂ ሓወቦታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሉኣላ ገብረመስቀል መዓሎ፡ ኣቦይ ገብረመስቀል መዓሎ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 18 ኣሕዋተይ 3 ተተካእቲን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ድልየት ተኽለማርያም ኣርኣያ ምግባል ተሪፉ፡ ደሊና ተኽለማርያም ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዮዲት ተኸስተ ወልደሚካኤል፡ ሓወይ ፍጹም ተኸስተ ወልደሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዱ ጓዕዳድ

ሄኖክ ዐቑባይ ገብረመስቀል ምግባል ተሪፉ፡ ሄኖክ ዐቑባዝብርኤል ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑቢያት ገብረእግዚኣብሄር ገብረማርያም፡ ኣዴና ትብለጽ ምስክ ባህረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደርግኣለም ኤልያስ ክብረኣብ፡ ወለድና ኤልያስ ክብርኣብ ተስፋጋብርን ምሕረት ወልደሚካኤል ዘርኣን ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ደቀመሸ ክፍሉ ወልደኣምላኽ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ኪዳነ ገብረየውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄርሞን ወልደኪዳን ኪዳነ ምግባል ተሪፉ፡ ሳይሞን ወልደኪዳን ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሮዳስ ብርሃ ኣስገዶም ምግባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ብርሃ ኣንገሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት የውሃንስ፡ ብወኪል ኣቶ ሳሙኤል ገ/ኣዶናይ ኣቢሉ፡ ኣቦይ የውሃንስ ሞንስ እማንን ኣደይ መኣዛ ዑቕቡን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ምቅት ሃይለ ሰባሲ፡ ብዓል ቤተይ ዝግታ ኣማረ ገብረክርስቶስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ትዕግስቲ ጠዓመ ፍስሃ ምግባል ተሪፉ፡ ሰናይት ጠዓመ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ሓረጉ ገብረኪዳን ዞሚካኤል፡ ተጸዋዒ ኣቶ ያሲን ሳልሕ ዓሊ፡ ካብ ተጸዋዒ ብዕለት 15/6/21 ውዕል መሸጣ ፎርኖ ባኒ ብቑፍቓድ ንግዲ GBL00007008 ብቑ GBR00001247 ዝተመዝገበት፡ ኣነ ዓዳጊት ኮይነ፡ ተጸዋዒ ድማ ሸያጢ ኮይኑ ብሕሳብ 250,000.00 ናቕፋ ሸይጠሉይ፣ እንተኾነ ናብ ስመይ ኣየሰጋገረለይን ስለዝበለት፣ ተጸዋዒ ን30/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ጎይትኦም ኢሳቕ ወልደስላሴ፡ ብዓልቲ ቤተይ ጎጉ ገብረማርያም ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ 4ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ኣልጋሽ ተኽለኣብ ዘርእዝጊ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ዚፕ 1A131 ፕሎት 219 ፓርሰል 1Z ከባቢ ዕዳጋ ዓርቢ ጉደና 135-33 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 8,239 ብዕለት 18/09/2024 ብጉብረት ቁጽሪ መዝገብ 8239/24 ብዕለት 02/10/24 ብስመይ ተመዝገቡ ዋንኑ፡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ዋንኑት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓልልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተኽለኣብ ዘርእዝጊ።

## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!


# ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

ALPHA PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር ምሕንባስ ክካየድ እዩ

ዓመታዊ ሃገራዊ ውድድር ምሕንባስ፡ ቀዳም 9 ሕዳር ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ክፍልም ምዃኑ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ምሕንባስን ጆላቡን ሓቢሩ።

ኣብቲ ንኽልተ መዓልታት ዝቕጽል ውድድር፡ ኣርባዕተ ዓይነት ምሕንባስ ማለት ናጻ ምሕንባስ (Free style)፡ ሕውስዋስ ጋንታ ጽንብላለዕ ( mixed Relay butterfly)፡ ኣተሓናብሳ እንቁርዖብ (Breast stroke) ከምኡ'ውን ናይ ድሕሪት ምሕንባስ (Back stroke) ተሰሪዖም ኣለዉ። ሓንበስቲ ዞባታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዞባ ማእከልን፡ ከምኡ'ውን ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ክሳተፉ እዮም።

ዋና ጸሓፊ ናይ'ቲ ፌደረሽን ኣቶ ዓብደልዋስዕ ኢብራሂም ብዛዕባ ውድድር ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቀዳም 9 ሕዳር ልዕሊ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ደቂ ተባዕትዮ ዝሳተፍዎ ካብ ደሴት ዳህላክ ዝዘበስ ናይ ሰለስተ ኪሎሜተር ርሕቀት ውድድር ክካየድ ምዃኑ ሓቢሩ። ሰንበት 10 ሕዳር ድማ፡ ኣብ ሆቴል ሬድሲ ኣብ ዝርከብ መሐንበሲ ጋብላ ንኽልቲኡ ጾታ ዘሳትፍ ካብ ትሽዓተ ክሳብ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ሓንበስቲ ዘካይድዎ ኣርባዕቲኡ ዓይነት ምሕንባስ ክሰላሰል እዩ። ንምርኢት ጥራይ ዝቐርብ ብኽልተ ጋንታታት ዝጻወት ኩዕሶ ኣድ ባሕሪ (Water pool) እውን ክካየድ ምዃኑ ሓቢሩ።



ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ካብ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ብዝተፈልየ፡ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ብሓፈሻ፡ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ በሪኹ ምህላዉ ይንገር። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ መራኸቢ ብዙሃን ሚኒስትሪ ዜና ብዘበርኦ ሰፊሕ ሽፋን፡ ሱታፌ ኤርትራውያን ሓንበስቲ ኣብ ውድድራት ኦሎምፒክ፡ ሻምፕዮን ዓለምን ናይ ኣፍሪቃ ውድድራትን ምዃኑ ኣቶ ዓብደልዋስዕ ገሊጹ።

እንተኾነ፡ ዞባታት ደቡብ፡ ዓንሰባን ጋሽ ባርካን ቦኺረን ኣለዋ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ መሐንበሲ ጋብላታት ስለዘይብለን ክኸውን እንከሎ፡ ብዘይዶ ዘሎ ርኹብ ድማ ካብ ዝቕጽል ዓመት ኣትሒዘን ብዕቱብ ክሕዝኦ ምዃነን ከማዕረግጸ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዓሚ ዝበረ ናይ ጆላቡ ውድድር ብሰንኪ ሕጽረት መቐዝፈ ጆላቡን ዕድመ ምድፋእ ናይቶም ተወዳደርትን ሎሚ ዓመት ካብ ምኪያድ ከምዝተዓንቀጸ፡ ኣብ መጻኢ ግና፡ ምስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምርድዳእ፡ ብዕድመ ንኣሽቱ፡ ገፊፊቲ ዓሳ ክሳተፉሉ ዝኽእሉ ባይታ ክጥጣሕ ምዃኑ፡ ኣቶ ዓብደልዋስዕ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ኣቶ ዓብደልዋስዕ ውድድር ምሕንባስ ክዓቢ ዝኽእል ተራ መሻርኽቲ ኣካላት ምስ ዝዓዘዘ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝኾነ ውልቀ ዜጋ ካብ ደገ ይኹን ካብ ወሽጢ ሃገር ክሳተፍ ምስ ዝደሊ፡ ማዕጾኦም ርሑው ምዃኑ ገሊጹ።

## "ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ከቢድ ቅልውላው" ማዕከናት ዜና እስጳኛ




ሰሉስ ምሸት ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ሜዳኣ 3ብ1 ዝተሳዕረት ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ከቢድ ቅልውላው ከምእትርከብ፡ ማዕከናት ዜና እስጳና ሓቢርሞ።

ካልኣይ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ስዕረት እትቕምስ ዘላ ማድሪድ፡ ቅድሚ 10 መዓልታት ኣብ ሜዳኣ ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ ብባርሴሎና 4ብ0 ምስዓራ ይዝከር። በዚ ከኣ፡ ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ግጥማት ሸውዓተ ሹቶታት ተመዝጊበንዋ ኣለዋ።

ህሉው ብቕዓታ ጉዱሉ ምህላዉ ዝገልጹ ማዕከናት ዜና እስጳኛ፡ ድሕሪ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ስዕረት ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ብምሃብ ክቕፍኣ ተሰሚዐን። ስፖርት እተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ "ማድሪድ ኣብ ዓቢ ወጥሪ" ክብላ እንከሎ፡ ማርካ ከኣ፡ ንዳሕረዋይ መስመር እዛ ጋንታ ብምንቃፍ፡ ኣብዘን ክልተ ግጥማት ድኹም ምንባሩ ገሊጹ።

ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ እዛ እስጳኛዊት ክሉብ ሉካስ ቫዝከዝ፡ ኣብዚ ናይ ሰሉስ ስዕረት መስመር ምክልኻል ኣዝዩ ሕማቕ ምንባሩ'ውን ገሊጹ። እንተኾነ፡ ከንዲ ንኣርባዕተ ተኸላኸልቲ ጥራይ ምንቃፍ፡ ኩሉ ተጻዋታይ ሓላፍነቱ ክዋጻእ ከምዝኾነሉ ኣሕሊፉ።

እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣንጻር ቫለንሽያ ከተካይዶ ዝነበራ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ብሰንኪ ኣብቲ ዞባ ኣጋጢሙ ዘሎ ዕልቕልቕ ናብ ካልእ መዓልቲ ብምስግጋሩ፡ ነዊሕ መዓልታት ኣዕሪፉ እያ ተመሊሳ። ብባርሴሎና ዝወረዳ ስዕረት መሪሳቶ ዝኸውን ዓወት ክተመዝግብ ብዓብኡ ከኣ፡ ኤሲ ሚላን ኣብ ሰሪኣን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግን ሕማቕ ብምህላዋ፡ ክትረብሓላ ትጽቢት ተገቢሩላ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ኣብ ኩሉ ድኽመት ዝነበረት እዛ ጋንታ፡ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ሩዲገርን ሚሊታኦን ኣብ መንጎኦም ሰፊሕ ቦታ እናገደፉ ግዳይ ክኾኑ ተራእዮም። ክልተ ናይ ጸግዒ ተኸላኸልቲ - ናይ የማን ተኸላኻሊ - ሉካስ ንሪፋኤል ለኣው ክየግዶ ኣዝዩ ከጸገም እንከሎ፡ ናይ ጸጋም ተኸላኻሊ መንዲ እውን ብክሪስቲያን ፑሊሲች ተሸገሩ ኣምስዩ።

መስመር ምክፍፋል፡ ፈጠራውነቱ ዘጥፈአ ኮይኑ፡ ሚዛን ጸወታ ኣብ ዝሕዝሉ ንመስመር ምክልኻል ሚላን ዝበሰዐ ዕድላት ክኸሽን ከምዝተኣገመ ይግለጽ። ኣብቲ መስመር ዝሰለፍ ቾሜኒ፡ ብዘርእዮ ዘሎ ትሑት ብቕዓት ከኣ፡ ተወቃሲ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ፈረንሳዊ፡ ኣብዛ ጸወታ ብደገፍቲ ክሽደድ እዩ ተራእዩ፡ ብጋዜጣ ኤይኤስ ድማ 'ጸገም ኮይኑ ኣሎ' ተባሂሉ። ቅድሚ ክልተ ዓመት 85 ሚልዮን ፓውንድ ኣውጺኣ ዘፈረመቶ ማድሪድ፡ ኣዕጋቢ ገዚዙብ እንተረኺባትሉ ክትሸጦ ተዳልያ ምህላዋ'ውን ይግለጽ።

ዘይምስምማዕ ኣጥቃዕቲ'ውን፡ ገለ ካብቲ ጸገም እዛ ድሕሪ ግንቦት 2009 ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ግጥማት ኣብ ሜዳኣ ብልዕሊ ሰለስተ ሹቶታት ዝተሳዕረት ዓርሞሸሽ ጋንታ እዩ። ዝያዳ ዝሕመ ዘሎ ከኣ፡ ኣብዚ ወቕቲ ናብዛ ክሉብ ዝተጸምበረ ምጣጥ እዩ። እዚ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ወላ'ኳ ግዜ ከምዝድልዮ ዝገለጸ እንተኾነ፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገበረሉ ግን ኣይረኣየን ዘሎ። ምጣጥ፡ ኣብቲ ምሸት ወላ'ኳ ገለ ፈተነታት እንተገበረ፡ ንሓላዊ ልዳት ብዘየገድስ ዘይምፍታሉ፡ ኣብ ህንጻት ጸወታ ጋንታኡ ዘይምብርካቱ፡ ከምኡ ካብ ኣንጻር ጋንታኡ ንምምላስ ኣብ እትገብሮ ቃልሲ ንእሽተይ ሓገዝ ጥራይ ምግባሩ፡ ብሓፈሻ ነቲ ዝበረ፡ ጸቕጢ ናይ ምግባር ቅርጺ ጋንታኡ (Pressing Structure) ኣጥፊእዎ ምህላዉ ይተንተን።

ዓላሚ እዛ ጋንታ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ "እዛ ጋንታ ጸቡቕ የላን፡ ዝያዳ ወዱብነትን ቅርጠዋትን ክህልውን ኣለና። ብዙሕ ሹቶታት እዩ ዝምዝገበና ዘሎ።" ክብል፡ ድሕሪ'ዚ ስዕረት ኣብ ዘኻቕል ኩነታት ምህላዎም ገሊጹ። ብተወሳኺ፡"ናብ ቀመናና ብምምላስ ንኽሉ ዋናጩ ክንቃለሶ ምዃንና ድማ ርእሰ ተኣማንነት ኣለና።" ኢሉ። እንተ እቶም ኣብ ልዕሊኡ እምነት ዘኩደሉ ደገፍቲ፡ ናይ ቅድም ዓላሚኦም ዘይኑዲን ዚዳን ንሳልሳይ እብረ ክምለስ ይጽውዑ ኣለዉ።

እዚን ካልእን ጸገማት ሒዛ ዘላ እዛ ልዕሊ ዝኾነት ክሉብ ነዚ ውድድር ዝዓበለትን 15 ግዜ ሻምፕዮን ዝኾነትን ክሉብ፡ ብወጽኢት እዘን ኣርባዕተ ግጥማት ሽዱሽተ ነጥቢ ኣኪቡ፡ መበል 17 ተሰሪዓ ትርከብ። ብሓዲሽ ናይ ሊግ ቅዲ ጸወታ (League Format) ፈሊሙ ኣብ ዘሎ ውድድር፡ ብቐጥታ ናብ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ናይ ምሲጋር ተኽእሎኣ ኣኽቢድዎ ኣሎ።

ኣብዚ ሓዲሽ 36 ጋንታታት ብሓባር ተሰሪዐናሉን ዘለዋ ቅዲ ውድድር፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻሙናይ ዝወጻ ብቐጥታ ናብ ዙር 16 ይሓልፋ። ካብ 9 ክሳብ 24 ዝወጻ 16 ጋንታታት ከኣ፡ ንሓድሕደን (ሓንቲ ኣንጻር ሓንቲ ጥራይ እዩ) ናይ ክልተ እግሪ (Play-Off) ጸወታ ብምኽያድ፡ እተን ዝተዓወታ ሸሞንተ ናብ ዙር 16 ክሓልፋ እየን።

## ለኒ ዮሮ፡ ናብ ልምምድ ተመሊሱ




ተኸላኻሊ ማን ዩናይትድ ለኒ ዮሮ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ክረምቲ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ትማሊ ንፈለማ ግዜ ምስ ቀዳመይቲ ጋንታ ልምምድ ኣካይዱ።

ኣብዛ ወርሒ 19 ዓመት ዝመልአ ዮሮ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ብ59 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊል ናብዛ እንግሊዛዊት ክሉብ ምስግጋሩ ይዝከር።

እንተኾነ፡ ስሩዕ ውድድራት እዚ ወቕቲ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ዘካየድዎ ዝነበሩ ናይ ምሕዝነት ግጥም፡ ኣብ ጸጋማይ እግሩ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞ፡ መጥባሕቲ ከካይድ ተቐሲቡ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ዝኾነ ወግዓዊ ጸወታ ኣየካየደን ኣሎ። እዚ ማለት፡ ኣብ ትሕቲ'ቲ ዘፈረሞ ናይ ቅድም ዓላሚ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ወግዓዊ ግጥም ኣየሰላሰለን።

ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ግና፡ ትማሊ ምስ ቀዳመይቲ ጋንታ ልምምድ ብምጅማሩ፡ ነዛ ጋንታ ዘሐጉስ ዜና እዩ። ሎሚ ኣንጻር ፓውኦክ ኣብ ዘካይድዎ ናይ ኤውሮፓውያን ሊግ፡ ከምኡ'ውን ሰንበት ምስ ሌስተር ኣብ ዝገብርዎ ናይ ሊግ ግጥም ክሰለፍ ትጽቢት ኣይግበረሉን። ሓዲሽ ኣሰልጣኚ ሩበን ኣሞሪም ስርሑ ምስ ጀመረ ድማ፡ ቀዳመይቲ ጸወታ ከሰላስል ግምት ኣሎ። ኣሞሪም፡ 11 ሕዳር ናብ እንግሊዝ ክኣቱ እዩ፣ 24 ሕዳር (ድሕሪ ኣህጉራዊ ግጥማት) ከኣ፡ ንኢፕስዊች ታውን ብምግጣም ስርሑ ኣሃዱ ኢሉ ክፍልም እዩ።

### ቅንጥብጣብ

* ሰሉስ ምሸት ብደገፍቲ ክለቡ ዝተሸደ ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ኣውሬሌን ቾሜኒ፡ ኣብ ጸጋመይቲ ዓንኩር ዓንካሪቶኡ መጉዳእቲ ከምዝገጠሞ፡ ትማሊ ረቡዕ ድሕሪ ዝተገበረሉ መርመራ ተገሊጹ።

በዚ ከኣ፡ ንኣስታት ሓደ ወርሒ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ግምት ኣሎ።

* ሮድ ፈርዲናንድ፡ ብራዚላዊ ቪንሽየስ ጁንየር፡ ነታ ሮድሪ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተዓወተላ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ክዕወተላ ዝመረጸሉ ምኽንያት ገሊጹ።

"ኣንጻር ሮድሪ ኣይተጻወትኩን፡ ንሱ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ፡ ይፈትዎ እየ። እንተኾነ፡ ካብ መንበር ዘተንስኣካ፡ ኣብ ስታድዩም ኮንካ ኣብ ገዛኻ እንከለኻ ብዘርእዮ ክእለት ዘደስተካ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ ምርጫይ። ሮድሪ ኣይትግበኦን ነይሩ ግና ኣይተጻወትኩን ዝበል ዘለኹ።" ክብል፡ ምርጫኡ ቪንሽየስ ከምዝነበረ ገሊጹ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ዩሩፕያን ሊግ

ሉዶጎረትስ - ኣትሌቲኮ በልባኦ 8፡45 ድ.ቀ

ዩኒየን ሰይንት-ጊለዋስ - ሮማ 8፡45 ድ.ቀ

ጋላታሳራይ - ቶተንሃም 8፡45 ድ.ቀ

ላዚዮ - ፖርቶ 11፡00 ድ.ቀ

ኣዝ ኣልክማር - ፈነርባቸ 11፡00 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ፓውኦክ 11፡00 ድ.ቀ

ዩሩፕያን ኮንፈረንስ ሊግ

ቸልሲ - ኖኣ 11፡00 ድ.ቀ

## መንዲ፡ ንማን ሲቲ ረቲዑዋ

ናይ ቅድም ተኸላኻሊ ማን ሲቲ በንጃሚን መንዲ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ብዘቕረቦ ሕጋዊ ሕቶ፡ እዛ ጋንታ ዘይከፈለቶ 11 ሚልዮን ፓውንድ መውዓልትኡ ክትከፍሎ፡ ደያኑ ወሲኖም።



መንዲ፡ ኣብ ነሓሰ 2021 ብዖመጽ ጓል ኣንስተይቲ ድሕሪ ምኽሳሱ፡ ሲቲ ካብ መስከረም እቲ ዓመት'ቲ ጀሚራ ወርሓዊ መሃያኡ 500 ሽሕ ፓውንድ ደው ኣቢላቶ እያ ነይራ፣ ክሳብ እታ ናጻ ዝኾነሉ ሰነ 2023።

እዚ ፈረንሳዊ፡ ዝሓለፈ ዓመት እዩ ካብቲ ክሲ ናጻ ተባሂሉ። በዚ ከኣ፡ እዛ ጋንታ ኣብቲ ዝሓለፉ ዓመታት ክትከፍሎ ዝነበራ መሃያኡ ክትህቦ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ሕቶ ኣቕሪቡ። ሰሊጡዎ ከኣ፡ ቤት ፍርዲ፡ ዝተዘለ መሃያኡ ክትከፍሎ ወሲኑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ምስ ኣብ ሊግ 2 ፈረንሳ እትወዳደር ክሉብ ሎሬንት ዝጻወት ዘሎ መንዲ፡ ኣብ 2017 እዩ ብ49 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሞናኮ ናብ ማን ሲቲ ተሰጋጊሩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ተዓዊቱ

ብ5 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ንሰልፊ ሪፓብሊካን ወኪሉ ዝተወዳደረ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንመቐናቕንቱ ካማላ ሃሪስ በሊጹ ከምዝተዓወተ ተቓሊሑ።

ኣቐዲሙ መበል 45 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ዝሰርሐ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዘበን ምርጫ ልዕሊ 270 ኤለክቶራል ኮለጅ ብምርካበዩ መበል 47 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ተመሪጹ።

ድሕሪ ዓወቱ ብኡ ንብኡ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣብ ዓለም ሓዲሽ




ወግእ ከምዘይወልዕን ኑቲ ደሮ ተኸሲቱ ዘሎ ወግእ'ውን ኣብ ምዕራፍ ከምዘብርሕን ቃል ኣትዩ። ኣቐዲሙ ኣብ ዘካየዶ ዝነበረ ጉስጓሳት፡ እንተተመሪጹ ንኩናት ዩክሬን "ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት" ደው ከምዘብሎ ተዛሪቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። በዚ ድማ ኣብ ቀረባ መጻኢ ምስ ሩስያ ሰላማዊ ዝርርብ ክጅምር ከምዝኽእል ተንተንቲ ይእምቱ።

ኣብ ልዕለኡ ተደጋጋሚ ፈተነ ቅትለት ከምዝተኻየደሉ ዝገለጸ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብቲ ኣብ ፍሎሪዳ ንደገፍቱ ዘስመዖ መደረ "ኣምላኽ'ዩ ንህይወተይ ኣድሒኑዋ፡ እዚ ድማ ነዚ ዓወት'ዚ ኣብቂዑኒ" ኢሉ።

ትማሊ ረፋዲ ዶናልድ ትራምፕ ከምዝተዓወተ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝርከቦም ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት፡ ናይ እንቋዕ ኣሐጎሰካ መልእኽቲ ሰዲዶምሉ ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ምርጫ፡ ሰልፊ ሪፓብሊካን ዝበዝሐ መናብር ባይቶ ሰኔት ከምዝተዓወተ ተገሊጹ።

## ሕ/ኤውሮጳ፡ "ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝተበየነ እገዳ ኣይለዓልን'ዩ" ይብል

ሕብረት ኤውሮጳ ዋላ'ውን ኩናት ዩክሬን እንተ ኣብቂዑ ኣብ ልዕሊ ፌደረሽን ሩስያ ኣጽኒዕዎ ዘሎ እገዳ ከልዕሎ መደብ ከም ዘይብሉ፡ ኣባል ፓርላማት ሕብረት ዝኾነ ፈረንሳዊ ቴሪ ማርያኒ ኣፍሊጡ።

ኣብ ሩስያ እትሕተም ጋዜጣ 'እዝቨስትያ' እውን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ቀንዲ ተረባሒት ናይቲ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ጸኒዑ ዘሎ እገዳ ኮይና ከምዘላ ድሕሪ ምጥቃሳ፡ እቲ እገዳ ከይለዓል ኣብ ልዕሊ'ታ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾነት ቤልጅየም ሓያል ጸቕጢ ትገብር ከምዘላ ኢቃሊዓ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሕብረት ኤውሮጳ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ኣጽኒዕዎ ዘሎ እገዳ፡ 50 ሚእታዊት ካብቲ ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ዝለኣኽ ባህርያዊ ጋዝ ምንጩ ካብ ኣመሪካ ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ኸኣ ምስቲ ኣብ 2021 ዝነበረ መጠን ሰደድ ጋዝ ኣመሪካ ክነጻጸር እንከሎ፡ እቲ ኣሃዝ ብሰለስተ ዕጽፊ ከምዝዛየደ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰለዝኾነ ኣመሪካ ነዚ ብዋጋ ሩስያን ሃገራት ኤውሮጳን ትረኽቦ ዘላ ረብሓታት ንምዕቃብ ክትብል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሕብረት ጸቕጢ ትገብር ከምዘላ ይሕበር።

መንግስቲ ሩስያ፡ ሃገራት ምዕራብ ብኩናት ዩክሬን ኣመሳሚሰን ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ኣጽኒዐንኦ ዘለዋ እገዳ፡ ብዘዘዋዋሪ ንህዝበን ብኣሉታ ይጸልዉ ከምዘሎ እዩ ክተሓሳስብ ጸኒሑ።




## ደቡብ ኮርያ፡ ንኩባንያ 'ሜታ' 15 ሚልዮን ቀጺዓ

መንግስቲ ደቡብኮርያ፡ ንኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ሜታ' 15 ሚልዮን ዶላር መቕጻዕቲ ከምዝበየነሉ ኣፍሊጡ።

እቲ መንግስቲ፡ ሜታ ተኣፈፍቲ ሓበሬታ ውልቀሰባት ናብ ኣሸሓት መወዓውዒ ትካላት ዘርጊሑ ብዝብል ክሲ'ዩ ኑቲ መቕጻዕቲ በይኑሉ ዘሎ።

ኣባላት ምክልኻል ውልቃዊ ሓበሬታ ደቡብኮርያ ብዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 980 ሽሕ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ፈይስቡክ' ዝኾኑ ደቡብኮርያውያን ኣብ ኣዳራሻታቶም ዘሰፈርዎ ኩሉ ውልቃዊ




ሓበሬታኦም ብዘይፍቓዶም ናብ ሓደ ዓቢ ኩባንያ ቴክኖሎጂ ኣመሪካ ብምስግጋር፡ ብልዕሊ 4 ሽሕ መወዓውዒ ትካላት ኣብ መዓላ ይውዕል ከምዘሎ እዮም ኣረጋጊጾም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ንከም ብዓል ፈይስቡክ፡ ኢንስታግራምን ቲክቶክን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ መርበባት ዘመሓድር ኩባንያ ሚታ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዘዘርግሖ ዘሎ ዘይምዕሩይ መደባት፡ ቆልዑ ኣደዳ ከቢድ ኣእምሮኣውን ጥዕናውን ጸገማት ይኾኑ ከምዘለው፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ይወቕሱ ኣለዉ።

ኩባንያ ሚታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ብሰንኪ ምስግጋር ተኣፈፍቲ ሓበሬታታትን ምጥሓስ ሕግታትን ናይ 1.3 ቢልዮን ዶላር መቕጻዕቲ ተበይኑሉ ምንባሩ ይዝከር።

## ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል ካብ ስልጣኑ ይባረር

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ንሚኒስተር ምክልኻል ዮኣቭ ጋላንት ካብ ስልጣኑ ከምዘባረሮ፡ ማዕከናት ዜና እታ ሃገር ሓቢረን።

ጋላንት ብሰንኪ ምጉዳል እምነት ካብ መዝነቱ ከምዝተኣልየ ዝጠቐሰ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ቦታኡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝነበረ ካንትዝ ከምዝተትካእ ኣፍሊጡ።

'ኣብቲ እስራኤል ምስ ምንቅስቓስ ሓማስን ሕዝቦላህን ተካይዶ ዘላ ኩናት፡ ናይ ክልቴና ኣጠማምታ ገፊሕ ፍልልይ'ዩ ዘለዎ' ዝበለ ናታንያሁ፡ ከምዚ ዓይነት ተገራጫዊ ኣረኣእያ ሐዙም ብሓንሳብ ክቕጽሉ ከምዘይክእሉ ገሊጹ።

ናታንያሁ ንጋላንት ንኻልኣይ ግዜኡ ካብ መዝነቱ የባርሮ ከምዘሎ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሚኒስተር ምክልኻል ኮይኑ እናሰርሐ እንከሎ ኣብ ስርዓት-ፍርዲ'ታ ሃገር ብዝዀበሮ ጸገና ተቓዊሙ ካብ ስልጣኑ ተኣልዩ ምንባሩ ይጠቕሱ።

እንተኾነ፡ ኣብታ ሃገር ድሒሩ ብዝተኸስተ - ኑቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝቃወም ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ናታንያሁ ንዮኣቭ ጋላንት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ከም ብሓድሽ ናብ መዝነቱ ከምዝመለሶ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም የመልክቱ።

ሕጂ'ውን ነዚ ትማሊ ረቡዕ ንኻልኣይ ግዜ ብናታንያሁ ዝተወሰደ ስጉምቲ ዝቃወም ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ይካየድ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና፡ እቶም ሰልፈኛታት፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ካብ ስልጣኑ ክወርድ፡ ሓድሽ ሚኒስተር ምክልኻል ኮይኑ ተመዚዙ ዘሎ እስራኤል ካንትዝ ድማ ንምፍታሕ ጅሆታት ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሓሉ ይጠልቡ ኣለዉ።



## ስጳኛ - ደሃይ ናይ 89 ሰባት ተሳኢኑ

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ስጳኛ ዝሓለፈ ሰሙን ብዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብ ዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ዛጊት ደሃይ ናይ 89 ሰባት ተሳኢኑ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ኑቶም ደሃዮም ጠፊኡ ዘሎ ዜጋታት ንምርካብ ልዕሊ 1000 ወተሃደራት ኣዋፊሩ ሰፊሕ ናይ ምድላይ ስርሒት የካይድ ከምዘሎ ዝጠቐሰ መንግስቲ ስጳኛ፡ ኣብ'ቶም በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ብኸቢድ ዝተሃሰዩ ወገናት ዝውዕል - ልዕሊ 11.6 ቢልዮን ዶላር ባጀት ሰሊዑ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

እቶም ደሃዮም ዝጠፍኣ ግዳያት ብፍርስራስ ህንጻታትን ጭቃን ተጸቒጦም ከይህልዉ ስግኣት ከምዘሎ ዝጠቐሱ ሰብመዚ ስጳኛ፡ ብዛዕባ ናይ ምጽናዕ ተኸእሎኦም ኣዝዩ ጸቢብ ስለዝኾነ፡ ብኡ ምኽንያት ቁጽሪ ምዉታት ክዕዝዝ ሻቕሎት ፈጢሩ ከምዘሎ ኣመልኪቶም።

በቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ኣብታ ሃገር ካብ ዘጋጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘሎ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ብውሑዱ 211 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ ንብረት ድማ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ወሪዱ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ ዕልቕልቕ፡ ልዕሊ 100,000 መካይን ክዕንዋ እንከለዋ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መሰጋገሪ ድልድላትን መንበሪ ኣባይትን ድማ ፈሪሶም ኣለዉ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳኛ ፔድሮ ሳንቸዝ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ዝሞቱ ዜጋታቱ ንምዝካር፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሰለስተ ናይ ሓዘን መዓልታት ምእዋጁ ይዝከር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ካተድራል | 07/11/2024 | ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማጆ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services